ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.118 | ዓርቢ 16 ጥሪ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ቃለ-መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



ገጽ 5
ወረር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን



ገጽ 8
ኣብ ርሑቕ ንዘሎ ነገር ከተለሊ ዘይምኽኣል



ገጽ 10
ፈተናን ኣእምሮኣዊ ጽልዋኡን



ገጽ 11
ፈርናንደዝ ካብ ዩናይትድ ክወጽእ መደብ የብሉን



# ህግደፍ ዞባ ማእከል፡ መደባት ስራሕ 2026 ሓንጺጹ

ውዳብ ሲቪል ሰራሕተኛታት ህግደፍ ዞባ ማእከል ብ14 ጥሪ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ትግባረ ወጥን ስራሕ 2025 ብምግምጋም፡ መደባት 2026 ሓንጺጹ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ማእከል ኣቶ እዮብ ኣርኣያ፡ ኣብ 2025 ንዝተሰላሰለ ንጥፈታት ብመንጽር ዝበረ ወጥንን ዝተረኽበ ወጽኢትን መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብዚ ዓመትʼዚ ኑቲ ዘይተጻፈፈ ቀዳምነት ብምሃብ ብኣተኩሮ ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ እዮብ ኣስዒቡ፡ ተወጢኑ ዘሎ መደባት ብኣድማዕነት ንኽትግበር፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ብመሰረት ብዘለዎ ኣብኡየም ንጡፍ ተሳትፎ ክህልዎም ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብወህደት ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ንሰድራ ስውኣት ዝግበር ሓገዛት ቀጻልነት ክህልዎ፣ ንዝተዓደለ መሬት ጤሳ ማስርሒ ፍቓድ





ስእሊ-የውሃንስ መብራህቱ



ክወሃብ፡ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብ 2025 ንዝተተግበረ መደባትን ተራ ኣባላትን ብምምጓስ፡ ን2026 ተወጢኑ ዘሎ መደባት ብዝበረኸ ተሳትፎን ብቕዓትን ክትግበር፡ ኣካየድቲ ኣካላት መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

# መንደፈራ - ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ደም ለጊሶም

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝተጥፉ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ብ14 ጥሪ 61 ከረጺት ደም ከምዝለገሱ፡ ጸሓፊ ማሕበር ለገስቲ ደም ኣብʼቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኢሳቕ ጉብረብርሃን ገሊጹ።

እቲ መደብ፡ ኣካልን መቕጸልታን ናይʼቲ በብእዋኑ ዝካየድ ናይ ኀብረተሰብ ልግሰን መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2025 ብተመሃሮ 229 ከረጺት ተለጊሱ ምንባሩ ሓቢሩ።

ለገስቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብዝተኻየደ ኀብረተሰባዊ ኣስተምህሮታት ንቕሓቶም ከምዝበረኸ ብምጥቃስ፡ ቀወምቲ ለገስቲ ብምዃን ሂወት ዜጋታቶም ንምድሓን ብሰሩዕ ክልግሱ ምዃኖም ቃል ኣትዮም።

ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 2013 ከምእተመስረተት ይፍለጥ።

# ዓዲ-ቐይሕ - ዝተፈላለየ መደባት ልምዓት ከምእተሰላሰለ ተገሊጹ

ኣብንኡስዞባዓዲ-ቐይሕ፡ብተሳትፎ ህዝቢ - ብቑንዱ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምስራሕ ተወሳኺ ክፍልታት ትምህርቲ፡ ምጽጋን ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ከምኡʼውን ምግራብን ምሕጋዝ ሰድራ ስውኣትን ዘጠቓልል ዝተፈላለየ መደባት ልምዓት ከምእተተግበረ ተገሊጹ።

ብ13 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ፡ ኣመሓደርቲ 21 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታት፡ ወከልቲ ህዝብን ካልኦት ኣካላትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣኼባ፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይʼቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ከሮስ ጉብረማርያም፡ ብድምር 789 ሜትሮ ከዐ ከትሪን ልዕሊ 66 ኪሎሜትር ዛላታትን ከምእተሰርሐ፣ ልዕሊ 40 ኪሎሜትር ናይ ሓመድ ጽርግያታት ድማ ከምእተጸገነ ኣብሪሁ።

ብዘይካʼዚ፡ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ናቕፋ ዝኾነት ደገፍ ብጾዋትን ገንዘብን ንምዕባለ ኣብያተ-ትምህርቲ ክብርክት ከሎ፡ ን44 ሰድራ ስውኣት ናይ መኼዳን ማሕረስን ደገፍ፣ ን123 ሰድራ ስውኣት ድማ ገንዘባዊ ደገፍ ከምእተገበረ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ከሮስ፡ ማስርሕ ምዝርጋሕ መስመር ማይ ካብ ሩባ ዘበር ናብ ማእለውያ፣ ምስራሕ ዒላ ኣብ ዓዲለጃ፣ ከምኡʼውን ምዝርጋሕ መስመር ኤሌክትሪክ ካብ ዓዲቐይሕ ናብ ዓድታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተወጢኑ ዝበረን ዘይተዛዘመን መደባት ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ኣዚዚ መደበር ፖሊስ ዓዲ-ቐይሕ ካፒተን ኪዳን ፍትዊ ብወገኑ፡ ተርእዮ በደላትን ገበናትን ምስ ናይ 2024 ክወዳደር ከሎ፡ ገበናት ብ11.6 ሚእታዊት ክውሰኽ ከሎ፡ በደላት ብ4 ሚእታዊት ከምዝጎደለ ኣፍሊጡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተሰፋዝጊ፡ ንተራን ኣበርክቶን ህዝቢ ኣብ ትግባረ መደባት ብምምስጋን፡ ኣብʼዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመትʼውን ብዝለዐለ ከምዝቕጽል ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢን 109 ዓድታትን ዝቕበር ልዕሊ 68 ሽሕ ህዝቢ ኣሎ። ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ እትርከብ መደበር ጥዕና ደርዒ፡ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ንምክልኻልን ሽፈነ ክታበት ክብ ኣብ ምባልን ወጽኢታዊ ስራሕ ትዓምም



ኣላ።

ሓላፊ ናይʼታ መደበር ጥዕና ነርስ ምሉእ በየን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብʼታ ትካል - ኣገልግሎት ክታበት፡ ክትትል ቅድሚ ሕርስን ድሕሪ ሕርስን፡ ኣገልግሎት መድሃኒት፡ ኣገልግሎት ምኽርን ማዕናን፡ ከምኡʼውን መርመራታት ዓሶ፡ ቲቢን ኤች.ኣይ.ቪን ከምዝወሃብ ገሊጹ።

ክታበት ህጻናት 100 ሚእታዊት በጺሑ ከምዝሎ፣ ሕርሲ ኣብ ትካል ጥዕናʼውን ዕብየት ከምዝመዝገበ ብምንጻር፡ ዝ. ንምዕቃብን ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክብ ንምባሉን ይሰራሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ተሓጋጋዚ ነርስ ዓሳኡዲን እስማዒል ብወገኑ፡ ዜጋታት ዝኸዱ ጥዕናዊ ጸገም ምስ ዘጋጥሞም ተቐላጢፎም ናብ ሕክምና ይመጽኡʼኳ እንተለዉ፡ ንዝተኣዘዘልካ መድሃኒታት ብዕጊቡእ ዘይምውሳድ ጸገም ስለዝርኣ፡ እዚ ክእረም ተማሕጺኑ።

ተገልገልቲ ብወገኖም፡ ኣብ ቀረባኦም ሳላ ዝተዋደደት መደበር ጥዕና፡ ዝተማልአ ኣገልግሎት ይረኽቡ ከምዘለዉ ገሊጾም።

መደበር ጥዕና ደርዒ፡ ካብ ዓዲ-ቐይሕ ንሸነኽ ሰሜን 20 ኪሎሜትር ርሒቓ እትርከብ ኮይና፡ ንምምሕዳራት ከባቢ ሓሊዩ፡ ሓዲሽ-ዓዲ፡ ደርዒ፡ ኣውህዝን ጋርባናባን ኣገልግሎት ትህብ።

# ቃለ-መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

(3ይ ክፋል)

*ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ ብ12 ጥሪ 2026፡ ብሬድዮን ቴለቪዥንን ብቐጥታ ዝተመሓላለፈ ቃለ-መጠይቕ ኣካይዶም ነይሮም። ኣብቲ ልዕሊ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝወሰደ ቃለ-መጠይቕ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንዝለማዱ ዞባውን ዘይታውን ጉዳያት ኣመልኪቱ ብጋዜጠኛታት ዝቐረቡሉ ሕቶታት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡሉ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ቀዳማይን ካልኣይን ክፋል ቀሪቡ ነይሩ፣ መቐጸልታኡ ይስዕብ።*

***• ጉጅለ ብልጽግና፡ ስትራተጂ ክልተ ማያት ዝብል ዘይከዉንታዊ ውጥን ሒዙ፡ ቀጻልን ኣሰልካይን ፕሮፖጋንዳዊ ዘመተ ክካይድ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ጸዑቕ ዘመተ'ዚ፡ ኩናት ንምእዋጅ ዝጥዋእ ዘሎ ቅድመ ምድላዋት ምዃኑ ዝገልጹ ወገናት ኣለዉ። በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ ክልላት ትግራይ፡ ኣምሓራን ኦሮሚያን ካልእን ዘሎ ዘቤታዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣሰካፊ'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ናበይ ከምርሕ ይኽእል፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ'ኸ፧***

ኣነ እኳ እዛ ሕቶ እንተ ገደፍኩማ ይሓይሽ ኩብለኩም ሓሲበ ነይረ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ባህርይ ዝገልጻ ኣርባዕተ ቃላት (ኣክሮንይም) ኣለዋኒ። ንሳተን ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ስሱዕ፡ ፈራሕ ዝብላ'የን። ሓደ ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ፈራሕ፡ ስሱዕ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውተት ኣጀንዳ ኣምጺኡ፡ ንህዝቢ ኣብ ህውከት ከእቱ፡ እንታይ ማለት እዩ፧ ተኣዊጁ ዘሎ ኩናት ናይ ብሓቂ ዘገርም ነገር'ዩ። ከምኡ ዘገርም ነገር ሰሚዕና ኣይንፈልጥን። ብዙሕ ርኢና'ሞ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ስርዓታት ኩናታት ይእውጁ ነይሮም እዮም'ሞ፡ ከምዚ ግን ተሰሚዑ ኣይፈልጥን። ስለምንታይ'ዩ ከምዚ ዓይነት ኣዋጃት ኩናት፧ እቲ ቀዳማይ ኣዋጅ ኩናት ኣንጻር ህዝቢ ኢትዮጵያ'ዩ። እዚ ናይ ማያት ዝበሃል ንመዳመቒ ዝቐርብ ዘሎ'ዩ። ብሓፈሻ ግን ኩናት ዘይተኣወጀሉ ወገን የለን። ኩናት ናይ ማያት ኢልካ ምእዋጅ፡ እንታይ ማለት እዩ፧ ንመን ኢኻ ትእውጆ ዘለኻ እቲ ኩናት። እቲ ትእውጆ ዘለኻ ኩናት ንመን ይምልከት፧ መልሲ ክትረኽበሉ እውን ኣጸጋሚ እዩ።

ስምምዕ ፕራቶርያ ተገይሩ ምስ ተባህለ፡ ቅድም ቀዳድም ፋኖታት ከኸጥፍኦም ኣለና ብዝብል ኣንጻር ህዝቢ ኣምሓራ ኩናት ተኣዊጁ። ቀጺሉ ኣንጻር ህዝቢ ትግራይ፡ ኣንጻር ኦሮሞ፡ ኣንጻር ሶማል ኣንጻር ዓፋር ኩናት ተኣዊጁ። መወዳእታ ዘይብሉ ኩናት'ዩ ተኣዊጁ። እቲ ዝኸፍአ ኩናት ንሱ እዩ - እቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሎ። እዚ ናይ ቀይሕ ባሕሪ'ዶ ሞስኮት ባሕሪ እናተባህለ መዓልቲ መዓልቲ ዝዝረብ ዘረባታት፡ እቶም ዝሰምዕዎ ዓቃላት'ዮም እየ ዝብል ኣነ። ንኡ ከይሰምዐ መንገዱ ሒዙ ዝኸይድ ግን፡ ኣብቲ ሓሸውየ ኣይኣቱን'ዩ። ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅልውላዋት ክኣቱ ዝሓስብ ሰብ ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ፈራሕ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ስሱዕ ጥራይ'ዩ። ዘየለ ነገር ኣምጺእካ ኣብ ቆይቁ ትኣቱ፡ ከምዚ ኢለዮም፡ ከምዚ ኢሎሙኒ፡ ንሕና ከምዚ ኢልና ኣለና፡ ንሳቶም ከምዚ ይብሉ። እዚ ወልፊ እዩ፣ ወልፊ ናይ ነዳያት፣ ወልፊ ናይ ስሱዓት፣ ወልፊ ናይ ፈራሓትን ሰነፋትን'ዩ። ካልእ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን።

ስለምንታይ ሰብ ይሻቐል ብዛዕባ'ዚ፣ ክሻቐለሉ ዘለዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ኩናት ተኣዊጁ፡ ድሮናት ይመጽኣ ኣለዋ፣ መንዩ ነተን ድሮናት ዘምጽአን ዘሎ፣ መን'ዩ ነዚ ኩሉ ኣጽዋር ካብ ደገ እናሸመተ ዘምጽእ ዘሎ፣ መንዩ ነዚ ኩሉ ውዲታት'ዚ ዝምውል ዘሎ፣ ካብይ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ እቲ ገንዘብ፣ መን'ዩ በዚ ገንዘብ'ዚ ዝጥዐም ዘሎ ዕሱብ፣ ስለምንታይ'ዩ ዝጥዐም ዘሎ፣ እንታይ ክበልዕ እንታይ ክረክብ ኢሉ'ዩ ዝኣቱ ዘሎ፣ እዚ ጸወታ'ዚ፡ ናታቶም ኣጀንዳ እውን ኣይኮነን። እዚ ኣጀንዳ ናይ ብልጽግና ኣይኮነን። ናይ ካልኦት ኣጀንዳ እዩ። ናይቶም ዝምውሉዎ ዘለዉ፡ ገንዘቦም ዝህቡ ዘለዉ ኣጀንዳ እዩ። ካብቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ኩናት ሱዳን፡ ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን። ካብ ዝኾነ ሰብ ዝተሰወረ ምስጢር እውን ኣይኮነን። እዚ፡ ብልጽግና ድዩ ዝበሃል ድላይካ ስም ሃቦ፡ ናይ ሰነፋት፡ ናይ ከድዓት፡ ናይ ስሱዓት ናይ ፈራሓት ጃንዳ፡ መቑሸሽ እናለቐመ፡ ተረፍ መረፍ ናይ መኣዲ እናበልዐ ዝሰርሕ ዘሎ፡ ኩናት ኣዊጁልና ኢልና ንሕና ንሻቐለሉ ምኽንያት የለን። እንታይ ዓይነት ኩናት'ዩ ክእውጅ፣ ብዙሕ ተማሂርና፡ ብዙሕ ርኢና ኢና። ናይ ኣቦይ ሳልሕ ጽውጽዋይ ኣሎ፡ ነዊሕ ዛንታ'ዩ፡ ግዜኹም ከጥፍኣልኩም ኣይደልን። ሰነፍ ዋላ ሰይጣን ንገዛእ ርእሱ፡ ሰብ ተመሲሉ ኣብ መንገዲ ይጽንሓካ፣ ይዕድመካ ንዓ ሻሂ ወይ ቡን ንስተ ይብለካ። ካልእ ዘይኮነ ክቋየቑካ ምእንቲ። ከምቲ ካብ ኣቦይ ሳልሕ ቀደም ኣብ ዓዲ ሹማ ዝተማሃርናዮ "ኣይፋለይን ስራሕ ኣላትኒ፡ ስራሐይ ምስ ኣሳለጥኩ ክመጽኣካ'የ" ትብሎ እምበር፡ ኣብ መንገዱ፡ ብሰነፋት ተዓዲምካ ኣብ ቆይቁ ዘእቱ ምኽንያት የብልካን።

ኣይኮነን። ምናልባት እንተ ደገምኩዋ ጽብቐቲ'ያ። ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ፈራሕ፡ ስሱዕ፣ ከምዚ ዓይነት ሕማማት ዘለዎም ሰባት፣ ንህዝቢ ህውከት ክፈጥሩሉ፡ ሰላም ክዘርጉ፡ ክፍቀደሎም ኣይግባእን። ንሕና ኣብ ናታቶም ናይ ቈይቍ፡ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን መኣዲ ክንዕደም የብልናን። ስራሕና ክንገብር ኣለና። ኩናት ተኣዊጁልና፣ ድሓን ምስ መጻ ንርእየ። ኩናት እንተመጺኡ ናይ ምክልኻል መሰልና ንዘኾነ ወገን ንሓተሉ ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ሰንፍና ዝእዝዙ ስሰዐን ፍርሒን ዘደፍኦ ነዳይን ጠፋሽን ተዛሪቡ ኢልካ ክትዛረብ ግን ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ናትና ዜና እውን ክዝረበሉ ወይ ክጠቐሶ ዘይብሉ ጉዳይ'ዩ።

ኩናት እንተሎ ምስ መጽአ ንርእዮ። ኩናት ንኣና ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ኣብ ኮለጃት ከይድና ዝተማሃርናዮ ኣይኮነን፣ ብዮጉበሪ ዝተማሃርናዮ፡ ታሪኽ'ውን ዝምስክሮ'ዩ። ብኸምዚ ዓይነት ጠልቀፍቀፍ ናይ ሰድታት ድማ፡ ናብ ኩናት ኣይንዕደምን ኢና። ብዝተኻእለ መጠን ከምዚ ዝኣመሰለ ዘየድሊ ነገር ከይመጽእ ግዴታና ኣልዒልና ንሰርሕ። ካብኡ ወጻኢ ግን ምስ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምድላዋት ይግበር ኣሎ ይብሃል። እንታይ'ዩ እቲ ዝግበር ዘሎ ምድላዋት፣ ንምንታይ፣ ንመጥቃዕቲ፣ በየን፣ መዓስ፣ ብፋኖታት ድዮም ክጅምሩ፣ ቅድም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣዊጆሞ ዘለዉ ኩናት ድዮም ክውድኡ፣ ብመንገዲ ሰመራ ድዮም ዋላ ብትግራይ ክመጽኡ፣ ብጎጃም፡ ብጎንደር፡ ብሸዋ፡ ብወሎ፣ በየናይ ከባቢታት እዮም ክመጽኡ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውተታ ግዜኻ ከተጥፍኣሉ እውን ዘግባእ ዝሃወተቱ ነዳያት ዘጓዩ ምኽንያት የብልካን። ኩናት ኣዊጆም ኣለዉ፡ ሰራዊት፡ ኣጽዋር ይእክቡ ኣለዉ፡ ከምዚ ይገብሩ ኣለዉ ንዝበሃል፡ ደሓን ምስ መጽአ ቀሰይ ኢልና ንርእዮ። ሕጂ ካልእ ስራሕና ንገብር። ከምቲ ናይ ኣቦይ ሳልሕ፡ ስራሕ ኣለኒ ኢልካ መገድኻ ሒዝካ ምኻድ ጥራይ እዩ።

***• ክቡር ፕረዚደንት ሓደ ካብ ዓበይቲ ዲፕሎማሲያዊ ፍጻመታት ናይ ታሕሳስ 2025፡ ኣብ ሰዑድያ ዝፈጸምዎ ዑደትን ምስ ወራሲ ዓራትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ኣሚር መሓመድቢን ሳልማን ኣብ ክልተኣውን ዞባውን ጉዳያት ዘካየድኩምዎ ምይይጥን እዩ። ኣቐዲምካ'ውን ኣብ ግብጺ ተመሳሳሊ ምብጻሕ ፈጺምካ ነይርካ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ጥምረት ፈጢረን ጸጥታአን ባዕለን ከውሕሳ ዝቕረቦ እማመ ተቐባልነቱ እንታይ ይመስል፣ ብዛዕባ'ዚ ውሁድ ርእይቶ ኣሎዶ፣ እዚ ዲፕሎማሲያዊ ዑደት እዚ'ኸ፡ ኣብ ቁጠባውን ልምዓታውን ምትሕብባር ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ከመይ ትገልጾ፧***

ካብ ቀደም ካብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚርና፡ ከም ቀዋሚ ሃገራዊ ፖሊሲ ዝሰራሕናሉ፡ ሓደ መትከል ኣሎ። ንሱ ከኣ ዞባዊ ርግኣት ዝብል እዩ። ምኽንያቱ፡ ዞባዊ ወይ ጎዶባዊ ርግኣት ኣብ ዘይብሉ፡ ንሕና በይንና ደሴት ኴንና ክንከይድ ኣየዋጽኣናን'ዩ፣ ኣይከውንን'ዩ። ስለዚ ዞባዊ ርግኣት ምፍጣር ሕርያ ኣይኮነን፣ ግዴታ'ዩ። ናትና ናይ በይንና ግዴታ ጥራይ ዘይኮነ ድማ ናይ ኩልና ኣብዚ ዞባ ዘለና ግዴታ'ዩ። ናይ ጎዶቦና ሰላምን ርግኣትን ምርግጋጽ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ይግብኣና'ዩ።

ጎዶቦና (neighborhood) እንብሎ፡ ኣርባዕተ ኣቐምቲ ኣካላት ዘለዎ እዩ። ሓደ ተፋሰስ ኒል ወይ ናይል በይዝን ኮይኑ፡ ንግብጺ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ዘጠቓልል'ዩ። ናቱ ጂኦ ስትራተጂያዊ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እዚ ሓደ ኣካል ናይ ጎዶቦና ኮይኑ፡ ርግኣት ክረክብ ዘለዎ ከባቢ እዩ። እቲ ካልኣይ ቀርኒ ኣፍሪቃ'ዩ፡ ካብ ሶማል ጀሚርካ ክሳብ ሱዳን ዝሓቁፍ። ሳልሳይ ንቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ገማግም ሶማልያን ዘጠቓልል ማያት'ዩ። ጂኦ ስትራተጂያዊ ኣቃውማ ናይ'ዚ ከባቢ ሓደ ካብቲ ሓደ ፈሊኻ ትርእዮ ኣይኮነን። እዚ ኣህጉራዊ መተሓላለፊ መንገዲ ማይ (ኢንተርናሽናል ወተር-ወይ) እዩ ኢልና ንበይኑ ንርእዮ ወይ ንገድፎ ኣይኮነን። ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እቲ ራብዓይ ወሽመጥ ዓረብ እዩ። እዚ ኣርባዕተ ኣካላት ዘለዎ ጎዶቦ ብምልኣት ርግኣት ክረክብ ኣለዎ። ሓደ ረጊኡ፡ እቲ ሓደ ኣይረግኣን ዝበሃለሉ ኩነት ክህሉ የብሉን።

ናብ 3ይ ገጽ ይቕጽል





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# . . . ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ

እዚ ኀደጦ'ዚ ብዞባዊ ሰንፍና፡ ብቐንዱ ግን ብናይ ደገ ምትእትታው ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ዝጸንሐ እዩ። ሕጂ እውን ብዘኸፍኣ መልክዑ ኣብ ቅልውላው ዝርከብ እዩ። ኣብ ሱዳን፣ ደቡብ ሱዳን፣ ሶማልያ፣ ኢትዮጵያ፣ የመን ዘሎ ኩነታት ንርእዮ ኣለና። ውዱቓት ሃገራት (ፈይልድ ስተይትስ) ዝበዝሓሉ እዩ። ናይ ቀይሕ ባሕሪ ጸጥታ ምውሓስ እናተባህለ ዝግበር ምትእትታዋት እውን ኣብ ቅድመና እንዕዘቦ ዘለና'ዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ንግዝእ ርእሱ ዓቢ መለበሚ ክኾነና ዝግባእ እዩ። ንሰላም፡ ርግኣት፡ ምውህሃድን ጥምረትን ናይዚ ዞባ'ዚ ምስራሕ ናይ ወለንታ ጉዳይ ኣይኮነን፣ ሕርያ ኣይኮነን፣ ግድነት ክንሰርሓሉ ዘለና'ዩ። ንኡ ከየረጋጋእና ሰላም ኣሎ፡ ልምዓት ኣሎ፡ ቁጠባ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ኣብዚ ዞባ ዘሎ ዕቑር ጸጋታት መወዳእታ የብሉን። ምስ ኩሉ ዓይነት ጸጋታት ማለት ባህርያዊ ጸጋታቱ፡ ናይ ሰብ ጸጋታቱ፡ ናይ ጂኦግራፍ ጸጋታቱ ማእሊያ ዘይብሉ ዓቕሚ ዘለዎ ዞባ እዩ።

ስለዚ፡ ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ዘለዎም ግዚፍን ዕቑርን ጸጋታት ብግቡእ ተጠቒሞም፡ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ብዘላቕነት ክውሕሱ፡ ቅድም ርግኣት ክረጋገጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ትም ኢልና ኣይኮንናን እዚ ኩሉ ጉዕዞ ተጓዒዝና። ነዊሕ ቃልሲ ኣካዪድና፡ እዚ ኩሉ መስዋእቲ ከፊልና። ዝኾነ ሕልና ዘለዎ ሰብ፡ ነዚ ኣብ ዞባናን ኀደጦናን ዘሎ ዘሕዝን ኩነታት ክቕበሎ ኣይክእልን እዩ። ተበሪሁዎ ጸቡቕ ኣለና ኢሉ ዝዛረብ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን። እቲ ሓደ ጸቡቕ ይሃሉ፡ እቲ ሓደ ሕማቕ ይሃሉ ንኣይ ኣይምልከተንን ኢልካ ዝኽየድ ነገር ኣይኮነን። ናይ በይንኻ ርግኣት፡ ናይ በይንኻ ሰላም፡ ናይ በይንኻ ልምዓት ዝበሃል የለን። ልምዓት ተማላላኢ እዩ። ብጥምረት እተረጋግጾ እዩ። ነዚ ክትገብር ድማ ቅድም ቀዳድም ኣብ ሓደ መረዳእታ ክትበጽሕ ኣለካ። ንሕና ምስ ኩሎም ኣብዚ ዞባ'ዚ ዘለዉ መሻርኽትና ኣብ ሓደ መረዳእታ ክንበጽሕ ብኡ መሰረት ብሓባር ክንሰርሕ ኢና ንደሊ። ምስኣቶም እንኽተሎ ወይ እነካይዶ ጽምዶ ብቐንዱ ነዚ ዕላማ'ዚ ዘገልግል እዩ።

ዝምድናና ወይ ጽምዶ ምስ ስዑድያ ሎሚ ዝጀመረ ኣይኮነን። ንነዊሕ ግዜ ዝኸደ እዩ። ስዑድያ ኣብዚ ኀደጦ'ዚ ናታ ቦታን ዓቢ እጃምን ኣለዋ። መን'ዩ ንስዑድያ ዝገዝእ ዘሎ ወይ ዝመርሕ ዘሎ ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ወይ እንታይ ዓይነት መንግስቲ ኣሎ ኣይኮነን እቲ ጉዳይ። ስዑድያ ኣብዚ ከባቢ ናታ ጂኦስትራተጂያዊ ቦታን ኣገዳስነትን ኣለዋ። ስዑድያ ክትገብሮ ትኽእል ኣበርክቶ ብዝተፈላለየ መለክዒታት ኣብ ሰላምን ርግኣትን ናይዚ ኀደጦ ናቱ ዓቢ ሚዛን ኣለዎ። ስለዚ ስዑድያ ቡቲ ዘለዋ ዓቕሚ ኣብዚ ዕማም'ዚ ክትሳተፍ ክትክእል ኣለዋ። ግቡኣ እውን ብተመሳሳሊ ኣበርክቶ ክህልዋ ክኽእል ኣለዎ። ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ ደቡብ ሱዳን፣ ሶማልያ፣ የመን ኮነ ካልኦት ኩላተን ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ ሃገራት ብብዓቕመን ሱታፌ ሃልዩወን ኣብ ምርግጋእን ሰላምን ናይ'ዚ ዞባ እጃመን ከበርክታ ክኽእላ ኣለወን።

ነዚ ንምግባር፡ ፈለማ ሓደ ናይ ሓባር መረዳእታ ክህሉ ኣለዎ። በዚ ዕላማ'ዚ ማለት ናይ ሓባር መረዳእታ ንምፍጣር ከኣ ጽምዶና ምስ ኩሎም ወገናት ቀጻሊ'ዩ። ምስ ስዑድያ ዘሎ ክልተኣዊ ጽምዶ ዕላማኡ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ንምምጻእ'ዩ። ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ክትመጽእ ድማ ምምኽኻር የድሊ። ናይ ሓባር መረዳእታ፡ ሓንሳብ ተራኺብና፡ ሓንሳብ ወረቐት ኣቕሪብና ኢልካ ዝመጽእ ኣይኮነን። ንሕና ዘየሰተብሃልናሉ ንሳቶም ዘስተብሃልሉ፡ ንሳቶም ዘየስተብሃልሉ ንሕና ዘስተብሃልናሉ ጉዳያት ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ብቐጻሊ እናተመኻኸርና ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ንዑ ዘራያት ኩኑልና፡ ንዑ ሓግዙና፡ ወይ ንዑ ነዚ ጉዳይ ኣመዓራርዩልና፡ መፍትሒ ኣምጽኡልና፡ ለምኑልና፡ ገንዘብ ብዙሕ ኣለኩም እሞ ትኸቡልና ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ከም ሓደ ዞባዊ ሓይሊ ግቡእ ኣበርክቶኹም ግበሩ፡ ንሕና ከኣ ብወገንና ግቡእ ኣበርክቶና ክንገብር እዩ ናትና መልእኽቲ።

እቲ ምምኽኻር ወይ ዲያሎግ ዝበሃል ቀጻሊ እዩ፣ ኣዕሪፉ እውን ኣይፈልጥን። ኣብዚ ርክባት'ዚ ዝለዓሉ ጉዳያት ሓደ፡ ክልተ ኢልካ ከከም ቀዳምነቶም ትሰርዖም እምበር፡ መወዳእታ ዘይብሎም ጉዳያት'ዮም። ኣብ ሶማል፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ የመን፡ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት፡ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሃለዋት ሃገር ብሃገር ኮነ ብደረጃ ዞባ ክህሉ ዝግባእ ሰላምን ርግኣትን የገድሰና እዩ። ንዞባዊ ርግኣትን ልምዓትን ዕብየትን ክንሰርሕ እንተኺኤንና እሙንን ዘላቒን ዝኾነ ዝምድናታት ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ነዚ ከኣ ኣብ መሰርሕ ኢና ከነማዕብሎን ክንከተስከሶን እንኽእል። ሓንሳብ ኣብ ወረቐት ተሰማሚዕና ወይ ተፈራሪምና እነምጽኦ ጉዳይ ኣይኮነን።

ስለዚ እቲ ናይ ምምኽኻር መስርሕ ቀጻሊ እዩ ጸኒሑ። ብፍላይ መሓመድቢን ሰልማን ኣብ ዝመጽኣሉ ምስቲ ንሱ ዘልዓሎም ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ተኣሳሲሩ፡ ብደረጃ ዞባ ኣበርክቶ ክገብር ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ስርዓት ዝተፈልየ ዕድላት ስለዘለዎ፡ እቲ ምምኽኻር ብዝለዓለ ደረጃ ክንቅጽሎ ኣለና ኢልና ተበጊስና፡ ምስኦም ቀድሚኡ ዝነበሩ መንግስታት ዝጸንሐ ዝምድናና ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ደይቡ ኣሎ። ዝምድናና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምድያቡ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ነቲ ብሓባር እንቕበሎን እንርድኦን ኣተሓሳስባ ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ምእንቲ ናይ ሓባር ውጥን ክልህወና ክኽእል ኣለዎ። ኣርእስቲ ብኣርእስቲ።

ንኣብነት ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ክንወስድ ንኽእል። ቀይሕ ባሕሪ ሓደ ዓቢ ኣካል ናይዚ ኀደጦ እዩ። እንታይ ክመስል ክኽእል ኣለዎ፣ ንዝብል ብወገንና ንምውሓስ ጸጥታን ርግኣትን ቀይሕ ባሕሪ ብዝምልከት ቅድሚ ሕጂ ዘቕረብናዮ 12 ነጥቢታት ዝሓዘ እማመ ነይሩ። ናትና ርእይቶ ወይ ዝተፈልየ ሓሳብ እዩ ኢልና እንጀሃረሉ ኣይኮነን። ሰቕ ኢሉ ካብ ሓንጎልና ዝመንጨወ ዘይኮነ ንወድዓዊ ገምጋም ናይቲ ኣብዚ ከባቢ እንዕዘቦ ዘለና ኩነታት መሰረት ዝገበረ እዩ። ቀይሕ ባሕሪ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። ግን ከኣ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ኣለዎ ተባሂሉ ኣራግጽ ዝበዝሖ ክኸውን የብሉን። ዝኾነ ዝመስሎ፡ ኣብዚ መጺኡ መዓስከራት ወይ በይዚ ክገብር እናርኣና ትም ኢልና ዓይንና ዓሚትና ክንከይድ ግቡእ ኣይኮነን። ርግጽ'ዩ፡ ነፍሲ ወከፍ መንግስቲ፡ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ልኡላዊ ውሳነ ኣለዎ። ዝኾነ መንግስቲ ናይ ደገ ዘራይ ኣምጺኡ ኣብ መሬቱ መዓስከር ክገብር ይኽእል'ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ብዞባ ደረጃ ኣመታቱን ሳዕቤናቱን እንታይ'ዩ፣ ቡብወገንካ ከምኡ ምግባር'ኩ፡ የወጻጽኣና ድዩ፣ እንተድኣ ኢልና፡ ፍጹም ዘዋጽእ ኣይኮነን።

ሶማል 3300 ኪሎ ሜትር ገማግም ባሕሪ ኣለዋ። ብግብሪ እዚ ገማግም'ዚ ብዘይካ ሶማላውያን ካልእ ክሕልዎን ጸጥታኡ ክውሕስን ዝኽእል ሓይሊ ኣብ ዓለምና የለን፣ ክህሉ እውን ኣይክእልን። ኣብቲ ከባቢ ዘሎ እምንን ዕንጨይትን ማይን ዝፈልጥ፡ ወዲ ሶማል'ዩ። ሶማል ከም ሃገር ልኡላዊ ትካላት ምክልኻልን ጸጥታን እንተ ሃልዩዎ፡ ገማግም ባሕሩ፡ ክሊ ኣየሩ፡ መሬቱ ክከላኸል ዝኽእል ባዕሉ'ዩ። ከምኡ ክግበር ድማ ናብኡ ዝበቕዕ ኩነታት ክፍጠረሉ ኣለዎ። ወይ ብናቱ ጸጋታት ክገብሮ ይኽእል፡ ወይ ብምትሕግጋዝ ምስ ካልኦት ክገብሮ ይኽእል። ካብኡ ንላዕሊ ግን ነዚ ገማግም'ዚ ክቆጻጸር ዝኽእል ዝኾነ ሓይሊ ክህሉ ኣይክእልን። ሓያላን ናይ ዓለም ኣለዉ'ሞ መጺኦም ነዚ ከባቢ ከርግኡዎ፡ ናይ ዞባ ሓይልታት ኣለዉ ከርግኡዎ እዮም ኢልካ ዝኾነን ዘይኮነን ኣተሓሳስባታት ከነምጽእ የብልናን። ጅቡቲ ናይ ግዝኣ ርእሳ ዓቕሚ ክህልዋ ኣለዎ፡ ኤርትራ ናታ ዓቕሚ ክህልዋ ኣለዎ። ሱዳን፡ የመን፡ ያማን፡ ስዑድያ ነናተን ዓቕሚ ክህልወን ኣለዎ። ማዮንን መሬተንን ኣየርን ባዕላተን ጸጥታኡ ክውሕሳ ክኽእላ ኣለወን።

ሓቂ እዩ፡ ዓቕሚ ይሓትት እዩ። ጸጋታት ይሓትት'ዩ። ንነፍሲ ወከፍ ግን ናይ ግዝእ ርእሱ ዓቕሚ ክፈጥር ዕድል ክወሃቦ ክኽእል ኣለዎ። ኣኽኣሊ (Enabling) ዝኾነ ዕድል ክፍጠረሉ ክኽእል ኣለዎ። እዚ መሰረታዊ'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ሰጊርካ ብዘራያት መሬትካ ክትሕሉ፡ ገማግም ባሕርኻ፡ ኣየርካ ጸጥታኡ ኩተውሕስ ዝበሃል ነገር ኣብ ሓሳብና እውን ክህሉ የብሉን። ካብኡ ዝበለጸ ኣተሓሳስባ ወይ ኣማራጺ ከምጽእ ዝኽእል ሰብ እንተሎ ሓሳቡ ክንሰምዖ ንኽእል ኢና።

እዚ ኣይኣክልን'ዩ። እዚ ቦታ'ዚ ኣህጉራዊ መንገዲ ማይ ስለዝኾነ፡ በበይንና ክነውሕሶ ኣይንኽእልን ኢና፡ እንተተባሂሉ፡ ኣብ ካልኣይ ጽፍሒ ክብ ክንብል ንኽእል። ናይ ኩለን ሃገራት እዚ ከባቢ ስምምዕ ይህሉ፣ ጥምረት ፈጢረን ብሓባር ነዚ ኣህጉራዊ መንገዲ ማይ ከውሕስኦ ምእንቲ፡ ናተን ናይ ግዝእ ርእሰን ናይ ምክልኻል ብቕዓት፡ ልኡላዊ ትካላት ከሐይላ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ድምር ናይ ትካላተን ኑቲ ሓይለን እውን ስለ ዘራብሕ፡ ኣብ ካልኣይ ጽፍሒ በዚ መገዲ'ዚ ክሰርሓ ይኽእላ።

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል





# . . . ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

የለን፣ ኣይፋሉን እዚ ክልተ ጽፍሕታት'ውን ኣይኣክልን'ዩ፡ ዓቕሚ የብልኩምን፡ እዝን እዝን ኩነታት ኣሎ እሞ፡ ልዕሊ ዓቕምኹም እዩ፡ ንሕና እውን ምትእትታው ክንገብር ኣለና፡ እንተ ተባሂልና ሓሳቡቶም ክንሰምዕ ንኽእል። ኣድላዩ እንተኾይኑ ከኣ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ፡ ባይቶ ጸጥታ ይኹን ካልኦት ኣህጉራዊ ውድባት ብዝተሰማምዓሉ መሰረት፡ ተወሳኺ ካልእ መካኒዝም ምፍጣር ይከኣል። ቀድሚ ዝኣገረ ግን ባይታና ኣደልዲልና፡ ናይ ሓባር ጥምረት ፈጢርና ከባቢና ባዕልና ክነውስሖ ኣለና። ንናትና ሰላምን ርግኣትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ዓለም መተሓላለፊ ማይ'ውን ስለ ዝኾነ፡ ውሕስነቱ ኣብ ምርግጋጽ ብቀዳምነት ሓላፍነት ክንስከም ዘለና ንሕና ኢና።

ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ ዘይሕጋዊ ንግድ፡ ኮትሮባንዶ ናይ ሓሸሽ፡ ዝተፈላለዩ ካልኦት ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ክካየዱ ከነፍቅድ የብልናን። ኣብ መመሪትና ነናይ ገዛእ ርእስና ልኡላዊ ስርዓትን ዓቕሚን ስለ ዘለና፡ በዚ ዕላማ'ዚ ክንሰርሕ ኣለና። በይንና ክንገብሮ ኣይንኽእል ኢና ኣብ ዘበሃለሉ ከኣ፡ ሓቢርና ንሰርሓሉ፡ ንተሓጋገዘሉ። ኣይከኣልን'ዩ እንተ ተባህለ'ውን ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ሳልሳይ ምርጫ ኣሎ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓሳባት ናትና ጥራይ ደዩም እንተድኣ ኢልና፡ ናትና ጥራይ ኣይኮኑን። ናይ ኩላትና ሓሳብ'ዮም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ነቲ ዞባዊ ወይ ጎደቦኣዊ ርግኣት እንብሎ፡ ቀንዲ ዋሕሱ ንሱ'ዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ልኡላዊ ሃገር ዘይሕጋዊ ምንቅስቓሳት እንተሎ፡ መዕገቲ ክግበረሉ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ዝምልከቶ ልኡላዊ ስርዓት ናቱ ሓላፍነት ክስከም ኣለዎ። ኣይፋሉን'ከ ብሓባር።

ሸበራዊ ምንቅስቓሳት ኣሎ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ብዓለም ደረጃ ዝኸይድ ናይ ሸርሒ ምንቅስቓሳት ኣሎ'ሞ፡ ንኡ ክንምክቶ እንተ ተባሂሉ ተሓጋጊዝና ንሰርሕ። ዘይንተሓጋገዘሉ ምኽንያት የለን። ንኹልና እሙን ባይታን እሙን ሃዋህውን ዝፈጥረልና እዩ። ድሕሪኡ ልምዓት ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ናይ ትሕተ ቅርጺ፡ ቁጠባ፡ ወፍሪ ምትሕግጋዛት መደባትና ብውሑሰን ዘላቒን መገዲ ክነተግብር ንኽእል። ዝተፈላለየ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መደባት'ውን ክነወሃህድ ንኽእል። እዚ ክንገብር ግን ምስ መሻርኽትና ብቐጻሊ ክንመኻኸረሉ ዘለና እዩ። ኣብቲ ምምኽኻር ከይተላዕለ ዝተርፍ ኣርእስቲ የለን። ካብኡ ናብኡ ግን ገሊኦም እዋናውያን ጉዳያት ስለዝኾኑ፡ ቀዳምነት እንህቦም ኣለዉ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ የመን፡ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ኩነታት፡ ኣብ ርግኣት ናይዚ ከባቢ ዘውርዶ ዘሎ ሃሲያ ካብ ዝኾነ ሱብ ዝተሰወረ ኣይኮነን። ናይ ደገ ምትእትታዋት ዘምጽኦ ዘሎ ጸገም'ውን ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ኩላትና ክንነቕሓሉ ዘለና እዩ። ኑቲ



እንደልዮ ርግኣት ንምምጻእ ከኣ ኩላትና እጃምና ነበርኩተሉ። ግብጽን ስዑድያን ኣበርኪቶ ክገብራ ይኽእላ እየን። ናትና ዓቕሚ ኣጋጊንና ንርእዮ እኳ እንተዘይኮንና፡ ብዓቕምና ክንገብሮ ንኽእል ኣበርኪቶ ኣሎ። ንሓዋሩ ናብ ገዚፍ ናይ ልምዓት መደባት ከምርሓና ዝኽእል ጉድና ንምጽራግ እምበኣር ቅድም ቀዳድም ኣረኣእያታትና ከነቀራርብ ኣለና። ብመትከል ምስምማዕ ጥራይ ዘይኮነ ድማ፡ ብግብሪ ንኡ ዘሰርሕ ውጥናት ኣብ ባይታ ኮፍ ኣቢልና ቡብዓቕምና እጃምና ከነበርክተሉ ኣለና። ጽላት

ሓንሳእ ካልእ ጉዳያት ስለዝመጠና

ዘሎ ናይ ምምኽኻር ዕድላትና ብግዜ ይነውሕ ይኸውን። ብዝተኻእለ መጠን ግን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ እናተራኸብካ ምምኽኻር ጽቡቕ እዩ። ኣብ ክንዲ ኣብ ሓፈሻዊ ኣርእስቲ ዝኸውን ከኣ፡ ኣብ ጭቡጣት መደባት ንዛረብ።

ነዚ ጉዳይ'ዚ ክዘርጉ ዝደልዩ ኢዶም ዘእትዉ ናይ ደገ ሓይልታት ኩሉ ሳዕ ኣለዉ። ዝምድናና ብግቡእ ከይምዕበል ምእንቲ መሐሸከሪ ምስምሳት ዘምጽኡ ኣለዉ።

ራህዋን ዘላቒ ዕብየትን ንምምጻእ ዘድሊ ቅድመ ኩነት እዩ። ሰላምን ርግኣትን ኣረጋጊጽና ደባትና፡ ማያትና፡ መሬትና ብብቕዓት ክንሕሉ እንተኽኢልና፡ ንሓዋሩ ንልምዓት ውሑስ ሃዋህውን ባይታን ዝፈጥር እዩ። ኣብ ክንዲ በበይንኻ ከኣ፡ ምሕቡር ዓቕሚ ኣራባሒ ሓይሊ ኣለዎ። ምስ ካልእ ዓለም ክትራኸብን ክትተሓጋገዝን እውን ዝበለጸ ዕድል ይፈጥረልካ። እዚ ምስጢር ኣይኮነን ብቐጻሊ ክንዘራረበሉ ዝጸንሓና እዩ። ምስ ግብጽን ስዑድያን እንዛረበሉም ጉዳያት ዝጸንሓና ጸምዶታት ነዚ ዕላማ'ዚ ዘገልግል እዩ። ናትና ፍሉይ ኣጀንዳ ኣለና፡ እዚን እትን ክንገብር ኢና ዝብል ኣብ ሓንጎልና ኣእቲና እውን ኣይንፈልጥን። ብዛዕባ ሱዳን ዘለና ተገዳስነት ሓድሽ ኣይኮነን። ናይ በይንና ኣጠማምታ እውን ኣይኮነን። እዘን መመጺኦን ሓዊ እናወልዓ ነዳዲ ዝኸዕዋሉ ዘለዋ ናይ ደገ ኣእዳው መኣደቢ ክንገብረለን ኣለና። ዋላ እቲ ኣቐዲሙ ክጥቀስ ዝጸንሐ ናይ ሱዳን ሽግራት ንምፍታሕ ዝዓለመ ተበግሶታት ይሃሉ፡ ንሕና ከም ሓደ ጎደቦ ሽግራትና ባዕልና ክንፈትሕ ስለንኽእል፡ ናይ ሱዳን ኩነታት ሓደ ብሓደ መደባት ኣውጺእና ንሰርሓሉ

ጥምረት ምፍጣር፡ ብባህጊ ብድሌት ጥራይ ዝመጽእ ኣይኮነን። መሰዋእቲ ዝሓትት'ዩ፡ ግዜ ዝሓትት'ዩ፡ ቀሊል ዓቐብ ኣይኮነን። ኣድካሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነዚ ክትገብር ዝኾነ ድንብርጽ ዝብለካ ነገር ክህሉ የብሉን። ምኽንያቱ ኣብኡ ዝኣቱ ዘሎ ኣእዳው፡ ዝጠፍእ ዘሎ ገንዘብ፡ ዝግበር ዘሎ ውዲታት መወዳእታ የብሉን። ማዕረኡ ኴንካ ክትምክት ምእንቲ፡ ናይ ምትሕብባር ናይ ጥምረት ዓቕምኻ ክተደልድሎ ኣለካ። እዞም ኢዶም ዘእትዉ ዘለዉ ሓይልታት መን'ዮም፡ ከመይ ገይሮም እዮም ዝኣትዉ ዘለዉ፡ ንምንታይ ዕላማ ንገዛእ ርእሱ ካልእ ኣርእስቲ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ናትካ ናይ በይንኻ ባህጊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕቡር ባህጊ ገይርካ ክትሰርሓሉ ስለ ዘለካ፡ ቀጻሊ ምምኽኻር ቀጻሊ መደባት ምስራዕን ምምዕርራይን ምምሕያሽን የድሊ። እዚ ትማሊ ዝገበርናዮ ዑደት መቐጸልታ ናይቲ ነዊሕ ጉዕዞ እዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 14 ዓመታት ዘካየድናዮ ቀጻሊ ምምኽኻር ድማ፡ ሎሚ ፍረኡ ብግብሪ ንርእዮ ኣለና። ሕጂ ናይ ሓባር መረዳእታ፡ ናይ ሓባር ኣጠማምታ ኣሎና። ኩልና ድማ ዓቕምና እጃምና ነበርክት



ብጽላት እናተመኻኸርና ንሰርሓሉ። ንግዳዊ ዝምድናታትና ከመይ ክኸውን ኣለዎ፣ እንታይ ክንሸይጥ ንኽእል፡ ዘለናን ዘለኩምን እናተባህለ ክሰርሓሉ ይኽእል። ብኸምዚ ድማ ናይ ቁጠባ ሓይልና፡ ኣፍራይነትና፡ ሰደድና፡ እትዋትና፡ ምህርትና እናዕበና ንኸይድ። ንካልእ ዓለም እውን ክንጸንብር ንኽእል። ቅድሚ ዝኣገረ ግን ንርግኣትና ዝሕግዝ ሓሳባት እናምጻኣና፡ ንኡ መሰረት ገይርና ብምትሕብባር ሰላምን ርግኣትን ከባቢና ክነውሕስ ኣለና። እዚ ምስ መሓመድ ቢን ሳልማን ብቐጻሊ ንዛረበሉ እዩ። ምናልባት ሓንሳእ

ብግብሪ ንርእዮ ዘለና እዩ። ኣብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማል፡ የመን ዝግበር ዘሎ ምትእትታዋት፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝግበር ዘሎ ምትእትታዋት ግሁድ እዩ። ነዞም ጉዳያት እዚኣቶም ክንኣልዮም ክንክእል ኣለና። ባህ ኢሉኒ ባህ ኣይበለንን፡ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ክገብሮ እየ ዘይኮነ ቀጻሊ ክንመኻኸረሉ ዘለና እዩ። ክንሰርሓሉ እንኽእል ውጥናት ከኣ እናራቐቕና ንኸይድ።

ርግኣት፡ ሰላም፡ ክበሃል ከሎ ቅድሚ ኩነት እምበር ንገዛእ ርእሱ ዕላማ ወይ ሸቶ ኣይኮነን። ልምዓት፡

ጉዳይ እዩ። ኣብዚ ንፈላለየሉ ወይ ንረሓሓቐሉ ኣርእስቲ የለን። ናይ ካልኦት ምትእትታው ናይ ኣጠማምታን ተበግሶታትን ፍልልይ ከምጽእ ጸኒሑ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ስዑድያን ግብጽን ካልኦት ኣብዚ ከባቢ ዘለዉን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ካብቲ ክዉንነት ወጻኢ እንሓስበሉ መደብ ስለዘይጸንሐ፡ ጽቡቕ ንኸይድ ኣለና ክንብል ንኽእል።

ከምዚ ክበሃል እንከሎ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት

ኣለና። ግን ኣኻሊ ኣይኮነን። ገና ጉዕዞ ኣሎና፣ ብድሆታት ኣሎና፣ ክንከዶ ኢና። እዚ ናይ ቀረባ እዋን ዑደት ኣብ መወዳእታ ናይ 2025 ስለ ዝከበረ፡ ኣብ 2026 እንታይ ክግበር ከም ዘከኣል ሓፈሻዊ መረዳእታ ወሲድና ኣለና። ንኡ ዘድሊ ምድላዋት ገይርና፡ ኣብ 2026 ክንውድኦም ዘለና፡ ምስ ዞባዊ ርግኣት ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣለዉ። ኣይከጸግሙናን እዮም ኣብ ዝብል መደምደምታ ድማ በጺሕና ኣሎና።

**ይቕጽል**

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

10ይ ክፋል

*ኣብ ዓንቀጽት 9ይ ክፋልን ቀድሚኡን ዝሓለፈ ትረኻና፡ ብዛዕባ ኣመሰራርታ "መብረቕ እዝ"ን ኣብ ወፍሪ ግንባር ባርካ ኑቲ እዚ ዘጋጠሞ ስዕረትን ኣቕሪብና ነይርና። ተጋ/ይ ሃብተስላሰ ክብረኣብ (ጥሻይ) ከኣ ንዓንቀጽ 9ይ ክፋል ዘልዓሎ ታሪኽ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ትስዕብ ሓጻር ተዘክሮኡ ደሪዑልና ኣሎ፤*

*"ድሕሪ ምድምሳስ ወፍሪ 'መብረቕ እዝ' ኮሎኔል ውብሸት ማሞ ብዕለት 4 ሚያዝያ 1982 ካም ዝተረኽበ ብመንገዲ ናይ ውሽጢ ከተማ ሰሩዓትና ሓበሬታ በጺሑና። ኮ/ል ውብሸት ሓደ ካብቶም መንግስቱ ሃይለማርያም ዝተኣማመኖምን ዓርኩን ነበረ። ኣብ ውግእ ኢጋዴን ኣንጻር ሶማል ቅያ ፈጺሙ ተባሂሉ ካብ መቶ ኣለቃ (ሓለቃ ሚእቲ) ቀጥታ ናይ ኮሎኔል መዓርግ ዝረኸበ ወተሃደርዩ ነይሩ። መንግስቱ ብኮሎኔል ውብሸት ዝምራሕ ተራራ ክ/ጦር 21 ኣብ ወፍሪ "መብረቕ እዝ" ከዐውቶን ቅያ ክሰርሕን ብልዑል እናተጸበዮ ኣብ ውሽጢ ሳልስቲ ካም ዘይነበረ ምስ ኮነ ኣሰንቢዱዎ እዩ። ሄሊኮፕተር ልኢኹ ንኮሎኔል ውብሸት ካብ ግንባር ናብ ኣስመራ ኣምጺኡ ናይ ሞት ፍርዲ ሂቡ ብሄሊኮፕተር ናብ ከርከበት ብምምላስ ኣብ ቅድሚ ሰራዊቱ ረሺኑዎ። ምናልባት እታ 'ኣብ ተኸረረት ተረሺኑ' ተባሂላ ተተረኸ ዘላ "ኣብ ከርከበት" ተባሂላ እንተትእረም። ምኽንያቱ ሽው ኣብ ደረጃ 'ሀ' ካብ እንጽርዖ ምንጬና ከምኡ'ዩ ዝበሉ። እንተዘይ'ኮይኑ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ዓምዲ ማህደር ጀጋኑ ይበል! ቀጽሉ"*

*ተጋ/ይ ሃብተስላሰ ክብረኣብ*

<u>**ምስረታ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕልን ኣብ ወራራት ዝተደምሰሰ ኣሃዱታት ጸላእን**</u>

ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት 1979 ተመስረተ። ኑቲ ግንባር ዝመስረታ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ኣብ ትሕቲ 505 ግብረሃይል ዝጥርነፉ ክፍለጦራት 15ን 10ይን ምስ ኣርባዕተ ተደረብቲ ሻለቃታት ነበራ። 10ይ ክፍለጦር፡ ቅድሚ ናብ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ምእታው፡ ኣብ ውግእ ማዕጥቲ ሓመድ ደፋጫኡ ዝሰተየን ዝተዳኸመን ሰራዊት እዩ። ብፍላይ ሓደ ካብቶም ዝበሩዋ ኣርባዕተ ብርጌዳት፡ (ምልሻ ብርጌድ 74) ዝበሃል ኣብ ውግእ ማዕጥቲ ዳርጋ ስለ ዝተደምሰሰ፡ ናብ ናይ ምልሻ ብርጌዳት 108፡ 105፡ 102 ፋሕ ኣቢሉ ከም ዘይነበረ ሓቒቑ። መተካእታ ምልሻ ብርጌድ 74፡ ምልሻ ብርጌድ 90 ከም ራብዓይ ብርጌድ ኮይኑ ናብ 10ይ ክፍለጦር መጺኡ። ምስ ክፍለጦር 15 ዝጥርነፉ ብርጌዳት፡ 8ይ ኢጋር ብርጌድ፡ 6ይ ኢጋር ብርጌድን ሜካናይዝድ ብርጌድ 29 እየን። ስለ'ዚ እቶም ንመጀመርታ ኣብዚ ግንባር'ዚ ተሰሊፎም ንሳልሳይን ራብዓይን ወራራት ዘቖጸሩ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ናይ ግብረሃይል 505 ኣሃዱታት ነበሩ።

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን




<u>ኣብ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ክሳተፉ ዝተዳለዉ ታንክታት ስርዓት ደርግ</u>

ጸላኢ፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ክልተ ወራራት ሓይሉ ንምጥንኻር ንብርጌድ 124 ካልኦት ክልተ ተወሰኽቲ ብርጌዳትን ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ ኣምጺኡ ደሪቡሉ ነይሩ። ሓላፊ ግብረሃይል 505 ጀ/ኣበራ ኣበበ ነበረ።
ጀነራል ኣበራ ኣበበ፡ ቅድሚ ኣዛዚ ግብረሃይል 505 ምዃኑ ኣዛዚ ክ/ጦር 15 ነበረ። ክ/ጦር 15 ምስ ምውድዳብን ምምስራት ክፍለ ጦራትን ብሚያዝያ 1978 ኣብ ባጽዕ ክቐውም እንከሎ፡ ምሉእ ብምሉእ ብመደበኛ (ምዱብ ሰራዊት) ቆመ። ጀ/ኣበራ ከኣ ኣዛዚኡ ኮይኑ ተመዘዘ። ጀነራል ኣበራ ኣዛዚ ግብረሃይል 505 ኮይኑ ጸፍሒ ምስ ወሰኸ ድማ ሌ/ኮሎኔል ተማስገን ገመቹ ኣዛዚ ክ/ጦር 15 ኮይኑ ነይሩ። ተማስገን ናይ ስርዓት ደርግ ቀንዲ ተኣማኒ ኮይኑ ኣብዚ ግንባር ከም ድሌቱ ክዕብጥ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ እዋን ምቕርራብ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ግን ንኽፍለጦር-7 ከመሓድር ተባሂሉ ካብዚ ግንባር ወጺኡ። ቦታኡ ድማ - ኣዛዚት ክ/ጦር 15 - ብሌ/ኮሎኔል ብርሃኑ ደምሴ - ኣቐዲሙ ናይ ክፍለጦር-6 ኣዛዚ ዝበረ - ከም ዝተሓዘ ተገይሩ። ንክፍለጦር 15 ዘቖሙ ብርጌዳት ምዱባት ሰራዊት ብምንባሮም፡ እቶም ዝመርሕዎ ዝበሩ ሓለፍቲ'ውን ነዊሕ ናይ ውግእ ተመኩሮ ከም ዝበሮም ስለ ዝጥቀሱ፡ ስርዓት ደርግ በዚ ክፍለጦር'ዚ ኣብልካ ኣብ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ክምዝገብ ትጽቢት ነይሩዎ።
ስርዓት ደርግ፡ ራብዓይ ወራር ድሕሪ ምፍሻሉ፡ ኑቲ ብሕሉፍ ህንጥዩነት ጥራይ ከም ዘይጠፉሉ ዝተገምገመ ድፋዓት ተጋደልቲ፡ ዝምዝመዘ ኣንፈታት ንምጽናዕ ኣሰታት ሰለስተ ወርሒ ብዘይ ውግእ ርግእ በለ። ድሕሪ'ዚ ኣብቲ ግንባር ብኽልተ ቦታታት ወፍሪ ብምክያድ ንሓምሻይ ወራር ጀመሮ። እቲ ቀዳማይ ቦታታት ካብ ዓሌብ ክሳብ ወድ-ጋን ኣብ ዘሎ ከበቢ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ኣንፈት ድማ ብደቡባዊ ሸነኽ ናይቲ ግንባር ኣብ ከበቢ ደብዓት ኣብ ሕዳቕ መጥቃዕቲ ከፈተ። ኣብ ሓምሻይ ወራር በዚ ግንባር ዝተሰለፉ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ብዘይካ'ቶም ኣብ ሳልሳይን ራብዓይን ወራራት ከም ዝተሰለፉ ዝተገልጹ ኣሃዱታት፡ ብቐንዱ ግብረሃይል 503 እኹል ምድላዋት ገይሩ ተሰለፈ።
እቲ ብሸነኽ ደብዓት ዝተሰለፈ ግብረሃይል 503፡ ኣብ ትሕቲኡ ንዝጥርነፉ ኢጋር ብርጌዳት 32፡ 33፡ 20፡ 21፡ ከምኡ'ውን ንሜካናይዝድ ብርጌድ 28 ኣብቲ ወፍሪ ኣሰለፎም። ዕላማ ናይ'ዚ ወፍሪ'ዚ፡ ብኸበቢ መንደዓት ንሕዳቕ ኣቢሉ ናብ ጎላጉል ኣግራዕ ብምውራድ ጽርግያ ዓጽዩ ብድሕሪት ብሕመድ ዳህላይ ንናቕፋ ንግንባር ናቕፋ ምፍራስን ንግንባር ሶሚናዊ ሳሕል ምንጻልን እዩ። እቲ ካልኣይ ክፋሉ ድማ ንጽርግያ ናቕፋ ወጀባ ተኸቲሉ ምስ'ቲ ብኣልጌን ዝተበገሰ ግብረሃይል 505 ንምርኻብ እዩ። ሓምሻይ ወራር ን11 መዓልታት ኣብ ዝወሰደ ግዜ፡ ክፍለጦር 10 ጠሪሹ ሓቒቑ። ተረፍመረፍ ሰራዊቱ ናብ ክፍለጦር 15 ከም ዝሕወሱ ተገበረ። ግብረሃይል 503 እውን ኣብቲ ውግእ ከም ዘይነበረ ኮነ። ኣዛዚ ናይቲ ግብረሃይል ኮሎኔል ካሳ ገብረማርያም ከይተረፈ ኣብኡ ተቐቲሉ። ካብቶን ዝበራ ብርጌዳቱ ዝተረፉ ወተሃደራት ምስተን ንኸልባል ብርጌድ 20 ዘቖሙ ናይ ካልእ ወተሃደራት ሓወሱዎም።
ኣብ ግዜ ሓምሻይ ወራር፡ ኣሃዱታት ግብረሃይል 505 ተዳኺመን ኣብ መድረኽ ምክልኻል ከለዋ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ ኣቢሉ (ብጥሪ 1980) ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ። ንኣርድታት ጸላኢ ሰዩሩ ኣብ ቀንዲ መዓስከር ጸላኢ (ኣምሃመ) ክጽሕ ክኢለን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ግዙፍ ክሳራ ኣውረደን። ድሕሪ'ዚ ጸላኢ፡ ንኮማንዶ ብርጌድ-4 ናብቲ ግንባር ብምድራብ ኣካል ግብረሃይል 505 ገበሮ። ይኹን'ምበር፡ ንሱ'ውን ዘምጽኦ ለውጢ ኣይነበረን። ክሳብ ምጅማር ሻድሻይ ወራር ካብ ርእሰ ምክልኻል ሓሊፉ ዘምጽኦ ፍረ ኣይነበረን።

<u>**ኣሰላልፋ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ደረ 6ይ ወራር፤**</u>

ኣብ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝዋረደ ሰራዊት ጸላኢ፡ ቅድሚ "ውቃው እዝ" ተባሂሉ ሓድሽ መጸውዒ ምስያሙ፡ ሰራዊት ጸላኢ ኣብቲ ግንባር "ግብረ ሃይለ 505" ዝፍለጥ መጸውዕን ኣቃውማን ከም ዝበሮ ርኢና። እዚ ግብረሃይል'ዚ ንባዕሉ፡ ኣብ ንኡሳን ግብረ ሃይል 505 "ሀ"ን "ለ"ን ተኸፋፊሉ ተወዲቡ ነይሩ እዩ። ግብረ ሃይል 505 "ሀ" ንኢጋር ብርጌዳት 6፡ 8፡ ንናይ ምልሻ ብርጌድ 90፡ ንሜካናይዝድ ብርጌድ 29፡ ታንከኛ ሻለቃ 156ን ናይ መድፍዕ ሻለቃ 157ን የጠቓልል ነይሩ። ንኡስ ግብረ ሃይል 505 "ለ" ድማ ንኣሃዱታት ኸልባል ብርጌድ 20፡ ሜካናይዝድ ብርጌድ 32ን መድፍዐኛ ሻለቃ 67ን ዝሓቖፈ ነበረ። ፓራ ኮማንዶ ብርጌድ 4፡ መድፍዐኛ ሻለቃ 2፡ ታንከኛ ሻለቃ 401ን ናይ ቢ-ኤም ሻለቃ 10ን ከኣ ቀጥታ ኣብ ትሕቲ ግብረ ሃይል 505 "ለ" ተሰሊፎም ነበሩ።
እዘን ዝተጠቕሳ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መጀመርታ ወርሒ 1980 ዝተወስደ ጸረ-መጥቃዕቲ ወገን፡ ኣተሓሒዘን ካብ ቅሮራ ክሳብ ከበቢ ኣሌ (ወድ-ጋን) መከላኸሊ መስመሩ ዘርጊሑ፤ ኣጣጢሑ ጸዑቕ ወተሃደራውን ሱታኣምሮኣውን ምቕርራብት ኣብ ምግባር ተጸምደ።
ጸላኢ፡ ምስ ምቕርራብ ን6ይ ወራር ከኣ፡ ኣርባዕተ ብርጌዳት ንዝሓቖፈ ተራራ ክፍለጦር 19 ናብዚ ግንባር ጸንበሮ። ምስ ምምጻእ ናይዚ ክፍለጦር ናብዚ ግንባር ከኣ ሓደሽቲ ኣተሓሕዛ ቦታን ኣወዳድባን ሰሪዑ። ኣብ ከበቢ ዕለት 15-17 ጥሪ 1982፡ ነተን ካብ ቅሮራ ክሳብ ወድ-ጋን ተዘርጊሐን ብቑጥሚ ድፋዕ ሐዚን ዝጸንሓ ብርጌዳቱ ንኸለን ንድሕሪት ብምስሓብ፡ ብሜካናይዝድ ብርጌድ 29፡ ክልተ ተራራ ኢጋር ብርጌዳትን (ብርጌዳት-4ን 50ን) ተክኣን። እቲ ብንኡስ ግብረ ሃይል 505 "ሀ" ዝፍለጥ ዝበረ ኣሃዱታት ኣብ ትሕቲ ክፍለ ጦር 15 ክጥመር እንከሎ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ንኡስ ግብረ ሃይል 505 "ለ" ዝበሩ ኩሎም ኣሃዱታት ከኣ ኣብ ትሕቲ ክፍለጦር 23 ተባሂሉ ዝጸዋዕ ሓድሽ ኣወዳድባ ተጠምሩ። ስለ'ዚ መላእ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል (ካብ ሶሚናዊ ጫፍ ወይ ደምባቤት ክሳብ ደቡባዊ ወገን ወይ ማእከላይ ግንባር) ኣብ ትሕቲ "ውቃው እዝ" ዝተባህለ ኣሰላልፋ ሰራዊት ጸላኢ ይሸፈን ነበረ። እቶም ኣብዚ ግንባር ዝተሰለፉ ኣሃዱታት ጸላኢ ከኣ እዞም ልዕል ኢሎም ታሪኾም ብሓጺር ዝተዘርዘረ -ክ/ጦር 15፡ ክ/ጦር 23ን ተራራ ክ/ጦር 19ን ነበሩ።

<u>**ቅድሚ 6ይ ወራር ምጅማሩ "ውቃው እዝ" ሰራዊት ጸላኢ ዝበሮ ዓቕሚ ሰብ ኣዚ ዝስዕብ ይመስል፤**</u>

ክ/ጦር 15 ኣርባዕተ ኢጋር ብርጌዳትን ሓደ ናይ መድፍዕ ሻለቃን ነበሩዎ። ኢጋር ብርጌድ-6 ናይቲ ክ/ጦር 1,200 ብዝሒ ዓቕሚ ሰብ ነይሩዎ፣ ኢጋር ብርጌድ-8 ዓቕሚ ሰቡ 1350፡ ሜካናይዝድ ብርጌድ 29 ብዝሑ 1460፡ ምልሻ ብርጌድ 90 ብዝሒ 1150፡ መድፍዕ ሻለቃ 157 ብዝሒ 170፡ ክፍሊታት ክ/ጦር 350፡ ድምር ዓቕሚ ሰብ ናይቲ ክፍለጦር 5,680 ነይሩ።
ክ/ጦር 23 ንሰለስተ ኢጋር ብርጌዳት፡ ሓደ ታንከኛ ሻለቃን ሓደ መድፍዐኛ ሻለቃን ይሓቁፍ ነበረ። ኢጋር ብርጌድ-4 ብዝሒ 1370፡ ብርጌድ 20 ብዝሒ 1200፡ ብርጌድ 32 ብዝሒ 1300፡ ታንከኛ ሻለቃ 156 ብዝሒ 150፡ መድፍዐኛ ሻለቃ 67 ብዝሒ 170፡ ክፍሊታት ክ/ጦር ብዝሒ 250 ዝበሮም ኮይኖም፡ እቲ ክ/ጦር ዝበሮ ጠቕላላ ድምር ዓቕሚ ሰብ 4,440።
ተራራ ክ/ጦር-19 ንኣርባዕተ ኢጋር ብርጌዳት፡ ሓደ ታንከኛ ሻለቃን ሓደ መድፍዐኛ ሻለቃን ይሓቁፍ። ሓደ ኢጋር ብርጌድ ብኣርባዕተ ሻለቃታት፡ ሓደ ሻለቃ ብኣርባዕተ ሻምባላት፡ ሓደ ሻምባል ብሰለስተ ጋንታታት፡ ጋንታ ድማ ብሰለስተ መሳርዕ ዝቖወም ፍሉይ ዝበለ ኣወዳድባ ነይሩዎ። ናይ ብርጌድ 39 ክ/ጦር 19 ንኣብነት ብዝሒ 2600 ዓቕሚ ሰብ ነይሩዎ፣ ብርጌድ 40 ናይቲ ክ/ጦር ብዝሒ 2590፡ ብርጌድ 41 ብዝሒ 2650፡ ብርጌድ 42 ብዝሒ 2550፡ ታንከኛ ሻለቃ-40 ብዝሒ 140፡ ናይ መድፍዕ ሻለቃ-2 ብዝሒ 170፡ ክፍሊታት ክ/ጦር 19 ብዝሒ 300 ዝበሮም ኮይኑ፡ ጠቕላላ ድምር ዓቕሚ ሰብ ተራራ ክ/ጦር-19፡ 11,500 ይበጽሕ ነይሩ።
ኣብኡ "መምርያ ውቃው እዝ" ብዝሒ 450፡ 10ይ ሻለቃ ቢ-ኤም ብዝሒ 170፡ ድምር 620 ዓቕሚ ሰብ ነይሩ። ስለ'ዚ፡ ቅድሚ ወራር ምጅማሩ ኣብ ትሕቲ "ውቃው እዝ" ብቑጥሚ ዝጸንሐ ጠቕላላ ድምር ዓቕሚ ሰብ ጸላኢ 22,240 ነይሩ። ወራር ድሕሪ ምጅማሩ'ውን ናብዚ ግንባር ዝኣተዋ ተወሰኽቲ ሓያሎ ኣሃዱታት ስለ ዝበራ ዓቕሚ ሰብ ጸላኢ ልዕሊ'ዚ ተጸብጺቡ ዘሎ ኣሃዝ ዝኸደ እዩ። ድሒረን ናብቲ ግንባር ዝተጸንበራ ኣሃዱታት ንምግላጽ፤
ብርጌድ 93 ብዝሒ 1100፡ ብርጌድ 104 ብዝሒ 1300፡ ብርጌድ 121 ብዝሒ 1100፡ ሻለቃ 135 ብዝሒ 432 ነይሩዎም። ስለ'ዚ፡ ኑቲ ቅድሚ ወራር ምጅማሩ ዝበረ ዓቕሚ ኣብ መንጎ ወራር ምስ ዝተወሰኸ ዓቕሚ ተደሚሩ፡ ሰራዊት "ውቃው እዝ" ጠቕላላ 26,172 ዓቕሚ ሰብ ይበጽሕ ነይሩ።

<u>**ንኣጽዋር ብዝምልከት፡ ምስ "ውቃው እዝ" ዝተዓጥቀ፤**</u>

መዓፍዕ ቢ-ኤም 21 (ስታሊን ኦርጋን) 12፡ ናይ 122 ሚ.ሜ 36፡ ናይ 85 ሚ.ሜ 10፡ ናይ 76 ሚ.ሜ 33፡ ቢቴን 29 ነይሩዎ። ታንክታት ናይ 100 ሚ.ሜ 50፡ ፒ.ቲ.ኣር 28 ዓጢቑ ነይሩ። ረሻሻት ናይ 37 ሚ.ሜ 12፡ ዙ-23 ብዝሒ 12፡ ናይ 12.7 ሚ.ሜ 17፡ ብራውን 26፡ 14.5 ሚ.ሜ ብዝሑ ዘይተፈልጠ።



<u>ሱታኣምሮኣዊ ምቕርራብ ተጋደልቲ ንወራር ቀይሕ ኮኾብ</u>

<u>**ሌ/ኮሎኔል ቦኽረጽዮን ገብረሚካኤል (ኢ.ፒ.ኣር.ፒ.)**</u>

**ይቕጽል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ኣስመራ

ከሳሲ፡ ወረሰቲ ከዲጃ ዐሶማን መ/ኑር፡ 1. ዓብደልቃደር መ/ብርሃን 2. ኣወልኑር መ/ብርሃን 3. መሓመድ ሰዒድ መ/ሳልሕ፡ ተኸሳሲ በየን መሓመድ ሳልሕ ዐሶማን፡ ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን18/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወ/ሮ ጽገሬዳ ተወልደ መርእድ፡ ሓትኳይ ወ/ሮ ርሻን ገብረእግዚኣብሄር ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ከሰተ ኪዳነ ኣረጋይ፡ ኣደይ ህድኣት ጋርዛ ተኽለእዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሩታ ወልዱ ንፍታሌም ምባል ተሪፉ፡ ሩታ ወልዱ ፈታሌም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ያቆብ ገ/ሄር ክፍሎማርያም፡ ብዓልቲ ቤተይ ሳራ ሓጎስ ካሕሳይ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንኦም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዳኒኤል ተስፋሚካኤል፡ ወደይ መዋእል ተኸስተ ደብረጼን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወላዲቱ ተተካእቲ ብዓል ቤተይ ሰወእ ተኸስተ ደብረጼን ምስ 6 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ሞርሚለ ጁልዩ ፓውሎ፡ ወለድና ሞርሚለ ጁዘፔ ጆቫኒ ርዚና ሂወት ጉብረኪዳንን ስለዝዓረፉ፡ 4 ኣሕዋት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኑብያት ጉብረየሱስ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ሃብተማርያም ተኽለሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ነጃት ማሕሙድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ነጃት ማሕሙድ መሓመድእድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሪህዋ በየን ዋሉብ፡ ብወለዳ ኣቢላ ሪህዋ በየን ዋሉብ ምባል ተሪፉ፡ ሪህዋ በየን ወልደ፣ ስም ኣደይ ከኣ ምሕረት መድሃኔ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ራሕማ መድሃኔ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ጸገ ገብረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለ ተስፋይ ወልደሂወት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንኦም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገብረትንሳኤ ገብረመድህን መሓሪ፡ ስም ኣደይ ትንበት ሃይሉ ገብረተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ትምኒት ሃይሉ ገብረተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራሄል ዳንኤል ታረቀ፡ ኣቦይ ዳንኤል ታረቀ ዝገታ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ቴድሮስ በራኺ፡ ሓወቦይ ግርማይ በራኺ ሀብትዝጊ ብዕለት 13/11/2018ን 16/11/2018 ዝበደፎ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ለተሰላሴ ጎይትኦም ርእሶም፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ቀሺ ኣስፍሃ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ማሰል ሰናይት ዓንደብርሃን፡ ብፍ/በ/ ዕዳ ኣደማስ ብዩልዲንግ ኮንትራክተር፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ማስረታ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ማስርሒ ፈጻሚ ኣብ ዘየለኻሉ ክቕጽል ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ዑቕባማርያም መጃሾ ሃይሉ፡ ወለደይ መጃሾ ሃይለ ተስፉን ምሕረት ገብረስላሴ ካሕሱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰለሙን በራኺ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ጉኑ ሃብተማርያም ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸሃይሽ ወንድማገኝ ተሰማ፡ ኣቦና ወንድማገኝ ተሰማ ፈይሳ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ 2+ ተተካእትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሄኖስ መድሃኔ ካሕሳይ፡ ስም ኣደይ ኣዳለ ካህሁን ኣስፋው ምባል ተሪፉ፡ ኣድያም ካህሁን ኣስፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ተስፋኣለም ካሕሱ 1. ተስፋኣለም ካሕሱ ኪዳነ 2. ኣስቴር ተስፋይ ስብሃቱ ምባል ተሪፉ፡ ኣብጋይል ተስፋኣለም ካሕሱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወራሲ ኗ/የውሃንስ ወልደማርያም ኣቶ ፍስሃየ የውሃንስ ወልደማርያም፡ ኣሞይ ኗ/ሶፍያ ወልደማርያም ገብሩ ብዕለት 04/08/2015 ኑቲ ኣብ ን/ዞባ ጋሻ ኾሓ ዓዲ ጸሎት ኣብ ዞን 1 ብሎክ 19 ፓርሰል H ቁጽሪ ማለለይ መሬት 0197 ስፍሓት 281.25 ሜ. ዝርከብ ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ ዝምልከት፡ ንኣቦይ ኗ/የውሃንስ ወልደማርያም ዝበረትሉ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕስ መሓመድ ኣደም ዳውድ ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ መሓመድ ኣደም ዳውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸሃይሽ ዓንደ ተኽሉ፡ ኣቦይ ዓንደ ተኽለ ዘሩኣ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰረቐ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህን፡ ሓፍትና ሳባ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህን ከም'ኡ'ውን ሓውና የውሃንስ ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፉ፡ ወላዲቶም ግደይ ካሕሳይን ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ራሄል ፍረዝጊ ኣብድ ምባል ተሪፉ፡ ራሄል ገብረክርስቶስ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መና ሃብተ ተስፋይ፡ ስም ኣደይ ሃረጉ ሃብተማርያም ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ሃረጉ ሃብተ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኤፍሬም ኣብርሃ ገዘሀይ፡ ወለድና ኣብርሃ ገዘሀይን ፋና ገብረሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃናን ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ፍ ውዳሴ ገብረሂወት ዑቕባሚካኤል፡ ተጸዋዒ መላከ ገብረሂወት ዑቕባሚካኤል፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ተኸሳሲ ኣስመሮም ገብረማርያም ወልደሚከኤል፡ ከሳሲት ንያት ተወልደብርሃን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ከሳሲት ለምለም ተስፋዝጊ ነጋሲ፡ ተኸሳሲ ገብረማርያም ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ፊልሞን ተኽሊት ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ወይኒ ያሲን መሓመድኣማን ምባል ተሪፉ፡ ኤልሳ ተስፋማርያም ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፎም ተኸስተ ዑቕባጽዮን፡ ወላዲየይ ኻስዘር ተኸስተ ዑቕባጽዮን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ደርጋኣለም ቀሺ ሳህሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣለም ሃይለ ንርኣዮ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንኦም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሊድያ ተፈሪ ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት በርሀተኣብ ተስፋጋብር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚኪኤል ብርሃነማስቀል የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሓመድዓሊ መሓመድዑመር ሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሓመድ ዓሊ-መሓመድዑመር-ሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ሰና መሓሪ ፍስሃየ ወይ ሳሊና መሓሪ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ሊያ መሓሪ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትንሳኤ ወልደየውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ተወልደ ክፍሉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንኦም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሓጎስ ተወልደ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ሓጎስ ኣብርሃ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኣልማዝ ዞሚካኤል ክብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣብርሃም እምባየ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ተኽለሰንበት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋጽዮን ወልደትንሳኤ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ጸሃይቱ ተኽሉብርሃን ፍረዝጊ፡ ኣቦይ ተኽሉብርሃን ፍረዝጊ፡ ብዕለት 25/12/2019 ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 05 ዝርከብ ትካል (ደኳን) ምስ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ብሀያብ ዝሃቡኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣዛቤላ ዓሊ ዑውማን፡ ዓቦይ ከዲጃ ስሎ ባኑ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሸመንዲ ገብረእግዚኣብሄር ሰለቡ፡ ወደይ ሃብቶም ሸመንዲ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነን ወላዲቱን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብራ ወልደሃይራት ዓንደሚካኤል፡ ኣደይ ብርኽቲ ተስፋይ ጽድቕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ 1 ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናህም ገብረእግዚኣብሄር ዑቕባጼን ምባል ተሪፉ፡ ናህም ጎይትኦም ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## POSITION DESCRIPTION

Position: Boilermaker /Welder Trainer

Number required 01

Location: Based at Koka Gold Mine (Site)

Reporting to: Maintenance Supervisor/ Superintendent.

Primary Responsibility & Scope of Work To deliver high-quality boilermaker and welding training programs for maintenance personnel while actively participating in fabrication, repair, and maintenance tasks on processing plant equipment during shutdowns, outages, and critical maintenance periods. Mentor apprentices or employees, ensuring high standards of safety, quality, and reliability in maintenance and fabrication activities. Foster a safety-conscious learning environment.

Duties:

Program Development & Improvement

- Develop and deliver theoretical and practical training modules covering Boiler making and various welding processes (e.g., MIG, TIG, SMAW, FCAW).
- Develop and deliver HDPE fusion welding training.
- Develop and deliver classroom and practical training on Boiler making and welding techniques for plant equipment (crushers, mills, flotation cells, thickeners, slurry pipelines).
- Continuously refine training materials, maintaining alignment with industry and organizational requirements.
- Track trainee progress, benchmark performance metrics, and implement follow-ups when needed.
- Collaborate with industry, and senior engineers to update content.
- Prepare lesson plans, and hands-on practice sessions
- Customize training modules for processing plant maintenance tasks, including shutdown and outage work.
- Develop, maintain training records, competency matrices, and update curriculum to reflect plant modifications and new technologies.
- Fabricate, assemble, and repair plant structures, piping, chutes, and hoppers.
- Perform cutting, welding, grinding, and fitting tasks as per drawings and specifications.
- Inspect plant equipment and identify defects or wear.
- Interpret technical drawings and welding symbols accurately.
- Perform fabrication, welding, and structural repairs on mineral processing plant equipment during shutdowns and emergency maintenance
- Replacing wear liners in crushers and chutes.
- Repairing or fabricating slurry pipelines and spools.
- Welding and assembling structural steel for mills, flotation cells, and thickeners.
- Conduct fit-up, alignment, and dimensional checks to ensure compliance with engineering drawings and tolerances.
- Apply welding processes (SMAW, GMAW/FCAW, GTAW) on carbon steel, stainless steel, and wear-resistant materials.
- Follow site safety protocols and participate in risk assessments before work execution

Knowledge & Skills Required: • strong troubleshooting and analytical skills.

- Ability to work independently in remote and harsh environments.
- Excellent communication and teamwork abilities.
- High attention to detail and commitment to safety.
- Physically fit and healthy.
- Strong communication and interpersonal skills.
- Team player
- Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,
- Must be able to work and perform under pressure.
- Good verbal and written communication skills in English
- Flexibility to work outside of normal business hours if required.
- Must be able to work under minimum supervision.
- Perform any other duties as requested by your supervisor.

Training & Education Required: • Trade certification in Boiler making/Welding.

- Certificate in Research, Design and Evaluation of training.
- HDPE fusion welding certificate an added advantage.
- Minimum 10 years' experience in heavy industrial or mining environments.
- Proven ability to train and mentor others.
- Proficiency in welding processes (MIG, TIG, SMAW).
- Knowledge of CMMS as an added advantage

Experience Required: • Liaise with internal and external stakeholders in a professional and courteous manner and provide advice where required.

- Familiarity with best practices in Workplace Health and Safety and Environmental procedures and legislation policies.
- Strong troubleshooting and problem-solving skills.
- Excellent communication and leadership abilities.
- High commitment to HSE standards.

Key Performance Indicators: • Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise

Other Skills and abilities • strong troubleshooting and analytical skills.

- Ability to work independently in remote and harsh environments.
- Excellent communication and teamwork abilities.
- High attention to detail and commitment to safety.
- Physically fit and healthy.
- Strong communication and interpersonal skills.
- Team player
- Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,
- Must be able to work and perform under pressure.
- Good verbal and written communication skills in English
- Flexibility to work outside of normal business hours if required.
- Must be able to work under minimum supervision.
- Perform any other duties as requested by your supervisor.

Salary: According to the Company's salary scale.

Address Please mail your applications to: Zara Mining Share Company P.O..Box 2393 Asmara

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 10 days from the day of Announcement.

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ዘይነብ መሓመድ ዓብደልቃድር ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ መሓመድ ዑስማን ኣልሙርታዲ ብዘተፈጥረ ክርክር፡ 1ይ ደ/ቤ/ፍርዲ ኣስመራ መኪና ብቑ/ቻሲ 1CKC26N9RJ7155939 ኣውቶማቲክ ዝዓይነታ ስርሓት GMC ዝኾነት ናይ ገዛ መኪና፡ ትግታት ኣረጊት፡ መፍትሕ ካድሮ የብላን፡ ምሉእ ሰርቪስ የድልያ፡ እስፔክዮ ናይ የማን ሰበር ኮይኑ፣ ቤት ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ስለ ዝኣዘዘ፡ እዛ ተጠቒሳ ዘላ ማኪና ብክኢላ ማጠቓለሊ ዋጋ 220,000.00 (ክልተ ሚእትን ዕስራን ሽሕ) ናቕፋ ተገሚታ ስለዘላ፡ ክውዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት ዋጋ 1/4 ብስም ሕሳብ ፈ/ፍርዲ ሰርኦ ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሐዚ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብፈደልን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

:ተወሳኺ ሓበሬታ መኪና ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ከባቢ ባርቶሮሞ ጋራጅ ሓሰን ከይዱ ክርኢ ይኽእል እዩ።

ዕለት ጨረታ፦ 17/02/2026

ሰዓት ጨረታ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ

. ቦታ ጨረታ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ቁ/67 ተወከሱ

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ብስም ጺጋይ መስፍን ኣስገዶም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00043098 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ፊልከት ቁ/ገዛ 59/61 ዝርከብ ናይ ሓፈሻዊ ኤሌክትሮኒክስ ትካሊዩ፡ ንኣቶ ኤደውርድ ጽሆ ተስፋሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 748-1 ቁ/ገዛ 03 ካብ ዕለት 01/07/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይመጸ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ጺጋይ መስፍን ኣስገዶም



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኣብ ርሑቕ ንዘሎ ነገር ከተለሊ ዘይምኽኣል

ሓደ ሰብ ኣብ ርሑቕ ዝዘሎ ነገራት ብዝዮንጹ ከለሊ ምስ ዘይክእል፡ ኣብ ጥዕና ዓይኑ ጸገማት ከም ዘሎ ንጹር እዩ። እዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም'ዚ 'ማዮፒያ' (myopia) ይበሃል። እዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ቀረባኦም ንዘሎ ነገራት ብዝዮንጹ ከለልዩ ኣይጸገሞን እዮም።

ኣዒንትና ኣገዳሲ ክፋል ናይ ጥዕናና እዩ። ጥዕና ኣዒንትና ክንሕሉን ነገራት ብጹቡቕ ክንምልከትን ሓያሎ ጥንቃቐታት ክንገብር ይግበኣና።

ኣብ ርሑቕት ንዘሎ ነገር ወይ ምስሊ ኣጸሪርካ ክተለሊ ናይ ዘይምኽኣል ጸገም ዘለዎም ገለ ሰባት፡ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ድሕሪ ምክያድ ብዝወሃቦም መነጽር ተሓጊዞም፡ ጸገሞም ክፈትሑ ይረኣዩ እዮም።

'ማዮፒያ' እንታይ እዩ?

'ማዮፒያ'፡ ጸርጊ ብርሃን ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ዓይኒ ክሰግር እንከሎ ኣብ ዘርእዮ ናይ ምቕናን ባህሪ ብዘርኦ ጌጋታት ዝፍጠር ናይ ምርኣይ ጸገም እዩ። ኣብዚ፡ ዓይኒ ነቲ ዝመጽእ ብርሃን ብዝዮንጹ ክተቕንዮ ኣይትኽእልን ማለት እዩ። ዓይኒ ነቲ ካብ ርሑቕ ናብ ውሽጣ ዝኣቱ ብርሃን ብዝዮንጹ ስለ ዘይተደኽህበሉ፡ እቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ነገራት/ ምስልታት ዝተወጃበሩ ወይ ጽልግልግ ዝበሉ ኮይኖም ይረኣዩዋ።

'ማዮፒያ' ልሙድ ጸገም ኣብ ጥዕና ዓይኒ እዩ። 20 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ከምዚ ዓይነት ጸገም ዓይኒ ከም ዘለዎ ጥዕናዊ ጸብጻባት የመልክቱ።

ዝተፈላለዩ ዓይነት 'ማዮፒያ' ኣለው።




ቅልል ዝበለ 'ማዮፒያ' (Simple myopia)፦ ኣብ ከምዚ ዓይነት 'ማዮፒያ'፡ ዓይኒ ኣብ ጸቡቕ ጥዕና እያ ትርከብ። ግቡእ መነጽር ዓይኒ ብምውዳይ ነዚ ዓይነት ጸገም'ዚ ብቐሊሉ ክትፍወሶ ይከኣል እዩ።

ከቢድ 'ማዮፒያ' (High myopia)፦ እዚ ዓይነት ጸገም ዓይኒ'ዚ ብቐሊሉ ክእረም ዝኽእል ኣይኮነን። ኣብ ርሑቕ ንዘሎ ነገራት ብዝዮንጹ ከተለልዮ ዘይምኽኣል ጸገም'ዚ ግና ካብ ንኡስ ዕድመኻ ዝጅምር ብምዃኑ፡ ዕድመ እናደፋእካ ብዝኸደካ መሊሱ ዝብኣሰ እዩ ዝኸውን።

ከቢድ 'ማዮፒያ' ዘማዕበሉ ሰባት፡ ከም ሓቦላ ዓይንን ግላኮማን ብዝኣመሰሉ ሕማማት ዓይኒ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

እናበኣሰ ዝኸይድ 'ማዮፒያ' (Pathological myopia)፦ ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓይኖም ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዓይኒ ዝተቓልዐ እዩ ዝኾውን። ሓደ ካብቲ ተኣፋፊ ዝኾውን ክፋል ዓይኒ ረቲና (retina) እዩ።

- ምጽባብ ረቲና፡
- ገለ ክፋል ረቲና ብግቡእ ዘይምስራሕ፡
- ዐረት ከስዕብ ዝኽእል በሰላ ኣብ ረቲና ከም ኣብኡ ክጥቀስ ይከኣል።

እዚ ዓይነት ደረጃ 'ማዮፒያ' መነጽር ይኹን ሌንስ ከዐርዮ ስለ ዘይክእል ጠንቂ ዐረት ዓይኒ ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ።

ጠንቅን እቲ ሕማም ክተማዕበል ዘሎ ተኽእሎታትን

ኩዕሶ ዓይኑ (eyeball) ኣዝዩ ዝዘፍ፣ ነገራት ኣሕሊፉ ዘርኢ ተረር ሽፋን ዓይኑ ማለት 'ኮርኒያ' (cornea) ኣዝዩ ዝቖልቀ እንተኾይኑ፡ ኣብ ርሑቕ ንዘሎ ነገር ናይ ምልላይ ጸገም ክተማዕበል ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ካብ ግዳም ዝመጽእ ብርሃን ኣብ ክንዲ ናብ ውሽጢ ዓይኒ ዝኣቱ ኣብ 'ረቲና' እዩ ዝዘርፍ።

'ረቲና'፡ ነቲ ዝመጽእ ብርሃን ተጠቒሙ ምስሊ ሰራሒ ናብ ሓንጎል መልእኽቲ እትሰድድ ክፋል ዓይኒ እያ። እቲ ብርሃን ብግቡእ ኣይሰፍሩ ብ'ረቲና' ክንዑብ ምስ ዘይክእል ግን፡ እቲ ኣብ ቅድመና ዘርእዮና ምስሊ ብንጹር ክለልዮ ዝኽእል ኣይኮነን።

ክኢላታት ንጹር ጠንቂ ናይዚ ሕማም እንታይ ምዃኑ ክለልይዎ'ኳ እንተዘይክኣሉ፡ ናብ ከምዚ ደረጃ ክበጽሑ ዝኽእሉ ተወርሶኣዊ ጠንቅታት ከም ዘለዉ ግና ብዙሕ ግዜ ክገልጹ ይረኣዩ እዮም።

ዘየድምም መጸናዕትታት ከም ዘጸርዎ፡ ኣብ ርሑቕ ንዘሎ ነገር ናይ ምልላይ ጸገም ካብ ዘለዎም ስድራ ዝወለዱ ህጻናት እናዓበዩ ብዝኸዱ ቡቲ ሕማም ክጥቀዑ ይኽእሉ። ክልቲኦም - ኣቦኦምን ኣዲኦም ከምዚ ዓይነት ጸገም ምስ ዝህልዎም፡ እቶም ዝወለዱ ህጻናት፡ ዝያዳ ነቲ ሕማም ዝተቓልዑ እዮም።

ኣብ ግዳም ኣንካ ምጽዋት ወይ ዕዮኣ ምስራሕ ዘዘውትሩ ሰባት፣ ከምኡ'ውን ብዙሕ ግዜ ኣብ ተለቪዥን ይኹን ሞባይል ቀረባ ምርኣይ ዘዘውትሩ ሰባት፡ ኣብ ርሑቕ ከቢ ንዘሎ ነገር ብዝዮንጹ ከለልዩ ብዘይምኽኣል ጸገም ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

'ማዮፒያ' ብዙሕ ግዜ ካብ ህጻንነት ጀሚሩ ዝምዕበል'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ብጽሒና ምስ በጽሓካ ክርኣ ዝኽእል'ውን እዩ። ጠንቂ ናይቲ ምስ ዕድመ ዝመጽእ 'ማዮፒያ'፡ ብሰንኪ ወጥርን ከም ሕማም ሽኮር ዝኣመሰሉ ካልኦት ጥዕናዊ ጸገማትን ዝምዕበል እዩ።

ምልክታት

ኣብ ርሑቕ ዘሎ ምስሊ ዝተወጃበረ ኮይኑ ምርኣ እቲ ቀንዲ ምልክት ናይ 'ማዮፒያ' እዩ። ብዘወሰኸ፦



- ምፍዛዝ/ ምድካም ዓይኒ፡
- ሕማም ርእሲ፡
- ምጭምጫም ዓይኒ ከም ምልክታት 'ማዮፒያ' ይጥቀሱ እዮም።

ዝኾነ ሰብ እዞም ምልክታት ክረኣዮ እንከሎ፡ ተቐላጢፉ ናብ ሕክምና ዓይኒ ከይዱ ግቡእ ምርምር ክገብር ይግባእ። እቲ ጸገም ብኣግኡ ክሽበን ፍወሳ እንተረኸቡ ንምእራሙ ኣጸጋሚ ኣይኮነን።

ምክልኻል

'ማዮፒያ' ብተወርሶ ዝመጽእ እንተኾይኑ፡ ንምክልኻሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

ኣብ ግዳም ብምውጻእ ስራሕካ ምክያድን ግቡእ ጸሓይ ብርሃን ምርካብን ሓደ ካብቲ ብ'ማዮፒያ' ንኸይንጥቃዕ ክንገብሮ ዝግበኣና ቅድመ ምክልኻል እዩ። ኣብ ጥቓ ኣዒንትና ኣቐሪብና መጽሓፍ ምንባብ ወይ ብኮምፕዩተር ምዕያይ ምስ ዘይዘውትር'ውን ካብዚ ዓይነት ጸገም ዓይኒ'ዚ ንምክልኻል ይከኣል እዩ።

ምኽሪ ንጥዕና ኣዒንትና

- ጸዑቕ ዝኾነ ብሕክምና ዝተደገፈ መርመራ ናይ ዓይኒ ምክያድ። ኣዒንትኻ ጥዑያት፡ ናይ ምርኣይ ዓቕምኻ'ውን ዘተኣማምን ኮይኑ ክርደኣካ ይኽእል ይኸውን። ብኽኢላታት ሓኪይም ዝተደገፈ ጸዑቕ መርመራ ክሳብ ዘየካየድካ ርግጸኛ ኴንካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ናብ ሓብራዊ ጸገም ናይ ምርኣይ እንተመጺእና፡ ገለ ሰባት ብሓገዝ መነጽር ዓይኒ ጸቡቕ ክርእዩን ጥዕንኦም ከመሓይሹን ከም ዝኽእሉ ኣይርድኦምን እዮ። ብዘወሰኸ፡ መብዝሕትኦም ልሙዳት ሕማማት ከም ግላወኮማ፡ ብሕማም ሽኮር ከምኡ'ውን ምስ ዕድመ ዝመጽእ ጸገም ዓይኒ ዝኾነ መጠንቀቕታ ምልክታት ከየርኣዩ እዮም ጉድኣት ዘስዕቡ። ስለዚ፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ዕሙቕ ዝበለ ሕክምናዊ መርመራ ናይ ዓይኒ ምክያድ ከምዚም ዝተጠቕሱ ዓይነት ጸገማት ናይ ዓይኒ ብኣግኡ ኣለሊኻ ንምፍዋሶም ከም ዝከኣል ኣይዝንጋዕ።

ጥዕና ዓይንኻ ጸቡቕ ከም ዘሎን ናይ ምርኣይ ዓቕምኻ ከም ዘተኣማምንን ክትፈልጥ ዝኽእል ሰብ ክኢላ ሓኪም ዓይኒ ጥራሕ እዩ።

- ብዛዕባ ጥዕና ዓይኒ ስድራቤትካ ግቡእ ኣፍልጦ ምርካብ። ኣብ ወለድኻ ዝኾነ ጸገም ናይ ዓይኒ ዘለዎ ሰብ ከይህሉ ምስ ስድራቤትካ ምምይያጥ። ከምዚ ምግባር ብወለዶ ክሰጋኡ ንዘኽሉ




ጸገማት ናይ ዓይኒ ተጠቃዒ ምዃንካን ዘይምዃንካን ከተለሊ ይሕግዘካ። ኣቐዲምካ ሕክምናዊ መመሪታት ብምክያድ ድማ ንምክልኻሉም ይከኣል።

- ናይ ምርኣይ ዓቕምኻ ንምሕያል ግቡእ ኣመጋግባ ምኽታል። ካሮት ንጥዕና ኣዒንትኻ ኣገዳሲቲ ምኻኑም ትፈልጥ ኢኻ። ኣሕምልትን ፍረታትን ዝበዝሖ መግቢታት ምምጋብ ንጥዕና ኣዒንትኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ጥዕና ዘለዎ ኣዒንቲ ክነውንን ብ'ኦሜጋ - 3' ዝሃብተሙ ከም ሳልሞንን ቱናን ዝኣመሰሉ ዓሳታት ምምጋብ የድልየና።

- ምጡን ዝኾነ ክብደት ሰብነት ክትዕቅብ ምኽኣል። ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን ወይ ከስዕ ምዃን ብሕማም ሽኮር ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ከም ዘዕብዮ መጽናዕትታት የመልክቱ። ሕማም ሽኮር ድማ ጠንቂ ግላዩኮማን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ ዓይንን ምዃናም ይንገር።

- መከላኸሊ ዓይኒ ምውዳይ። ዝኾነ ምንቅስቓስ ወይ ስፖርት ተካይድ ምስ እትህሉ መከላኸሊ ዓይኒ ክትወዲ ተመራጺ እዩ። እቲ መከላኸሊ ዓይኑ መነጽር ወይ ካስኮ ክኾውን ይኽእል።

ኣብ መከላኸሊ ዓይኒ ዝሰኩዕ ሌንስ ካብ ዝኾነ ዓይነት መነጽር ወይ ፕላስቲክ ብዮስርተታት ሳዕ ዝተረረ እዩ።

- ምትካኽ ኣቋርጽ ዘይተትካኽ እንተኾንካ ድማ ኣይትጀምር። ምትካኽ ሽጋራ ከም ኣብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና ኣብ ኣዒንትና'ውን ከቢድ ጉድኣት'ዩ ዘውርድ። ምትካኽ ሽጋራ ምስ ዕድመ ብቐሊሉ ብጸገማት ዓይኒ ንኽትጥቃዕ ዘቃልዕ ጉዳኢ ልምዲ እዩ።

- ካብ ጸሓይ ብርሃን ዝከላኸል መነጽር ምውዳይ። መነጽር ምስ ፋሽን ኣተኣሳሲርና ንርእዮ ውሑዳት ኣይኮንናን። ክንጽሉ ኣብ ጥዕና ኣዒንትና ዝሀቦ ጥቕሚ ኣዝዩ ግሉሕ እዩ። ካብ ጨረርታ ብርሃን 'ኡልትራቫዮሌት' (ultra-violet) ይከላኸለልና።

- ንኣዒንትና ግቡእ ዕረፍቲ ምሃብ። ኣዒንትና ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ኮምፕዩተር ወይ ካልእ ኣተኩሮ ዝድልዩ ስርሓት ምጽማድ ብቐሊሉ ክሀሰ ከም ዝኽእል ምስትብሃል የድሊ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 20 ደቓይቕ ኣተኩርካ ድሕሪ ምስራሕ፡ ን20 ካልኢታት ልዕሊ 20 ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ኣእጋር ምምልካት። እዚ ካብ ድኻም ዓይኒ ክከላኸል ይኽእል።

ምንጪ፦ health line



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:04 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቃለ-መጠይቕ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ 3ይ |
| 21:00 | ዜናትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ጾ`ታ ዓዲ=ርእይቶ ህዝቢ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ፈተናን ኣእምሮኣዊ ጽልዋኡን

### ንምንታይ ፈተና የፍርሓና?

ፈተና፡ ደረጃታቱ ይፈላለ እምበር፡ ዳርጋ ንኹሉ ተመሃራይ፡ ንፋዕ ይኹን ድኹም፡ ጸቕጢ ኣእምሮ ይፈጥር እዩ። ፈተና ንዝተመሃርናዮ ዝግምግም ኣገባብ ዋላ ደኣ ይኹን፡ ኣብ ክፍሊ ብልዑል ተሳትፎ ዝፍለጡ ብዙሓት ተመሃሮ፡ ኣብ ፈተና ግን ትሑት ነጥቢ ክምጽኡ ንርእዮም ኢና። ስለዚ፡ ኣብ ፈተና ትሑት ውጽኢት ዘምጽእ ተመሃራይ ብድብድቡ “ኣየጽነዐን” ክንብል ኣይንደፍርን። ዝበዝሐ ትሑት ውጽኢት ፈተና ዝተመሃርናዮ ትሕዝቶ ካብ ዘይምርዳእን ዘይምጽናዕ ክኸውን ከሎ ሽለል ዘይብሃል ሚእታዊ ከኣ ምስ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩነታት ተመሃሮ ዝተሓሓዝ እዩ። ናይዚ ትሑት ውጽኢት ምኽንያታት ክኸውን ካብ ዝኽእል፥ ራዕዲ ፈተና፡ ኣዝዩ ልዑል ርእሰ ምትእምማን፡ ልዑል ትጽቢት ወለዲ ዝፈጥሮ ጸቕጢ፡ ትሑት ርእሰ ምትእምማን፡ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል። ፈተና ናይ ሓደ መዓልቲ ስራሕ ደኣ ይኹን እምበር፡ ናይ ጻዕርና መገምገሚ’ዩ። ፈተና ብኹሉንትናኡ ገምጋሚ ምእንቲ ክኸውን፡ ተመሃሮ ኣብ ኣካዳምያዊ ምድላዋት ጥራይ ዘይኮነ ስነ ኣእምሮኣዊ ምድላዋት ከካይድዩ የድሊ። ነዚ ፍታሕ ክኸውን ካብ ዝኽእል ሜላ ከኣ ውጽኢታዊ ሜላ ኣወሳስዳ ፈተና እዩ።

ውጽኢታዊ ሜላ ኣወሳስዳ፡ ብቐዳምነት፡ ኣብ ብቕዓትናን ዕድላትናን ዘሎና ግጉይ ርድኢት ከነዕሪ’ዩ ዝሕግዘ። ቀጺልና፡ ንዕዉት መርመራ ዝጠቅም ሜላ ኣጸናንዓን ኣወሳስዳ ፈተናን ክንክትየል ከኣ የኽእል። ዝበዝሑ ተመሃሮ ፈተና ምስ ቀረበ እዮም ብዛዕባ ፈተና ክሓስቡን ክዳለዉን ዝፍትኑ። እዚ ልምዲ ከኣ ሓደ ካብቲ ኣብ ግዜ ፈተና ጸቕጢ ኣእምሮ ዝፈጥር ኣሉታዊ ልምዲ እዩ። ፈተና ውጽኢት እቲ ኣብ ውሱን ግዜ (ሰሙን፡ ወርሒ፡ ፍርቂ ዓመት፡ ምሉእ ዓመት፡ ወዘተ) ዝተመሃርናዮ ዝግምግም እዩ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ፈተና፡ ትምህርቲ ካብ እንጅምር ክንሓስብን ክንዳሎን ይግባእ። ኣብ ልምምድን ቅድመ ምድላዋትን ኣፍልጦና እንተ ዓብዩ፡ ኣብ ውጽኢትና እወታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ብዛዕባ ምትራፍ ዘሎና መረዳእታ’ውን ክኽለስ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ብዙሕ መስርሓት ህይወትና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክንተርፍ ንኽእል ኢና። ዓበይቲ ሓደጋታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ጠንቂ መትረፊና ኣብ መስርሕ ከሎ ክንፈልጦ ንኽእል ኢና። ዝበዝሐ’ውን ምስ ቅድመ ምድላውን ልምምድን ዝተሓሓዝ ብኹረት እዩ። ስለዚ፡ ክንተርፍ እንተ ዘይመዲብናን ዓበይትን ሃንደበታውያንን ጉዳያት እንተ ዘይኣጋጢሙናን፡ ንምትራፍ ከነወግዶ ንኽእል ኢና። እቲ ኣብ ግዜ ፈተና ከጋጥም ዝኽእል ተፈጥሮኣዊ፡ ዓብን ሃንደበታውያንን ጉዳያት፡ ካብ ዓቕምና ወጻኢን ሳሕቲ ዘጋጥምን ንጉድኒ ገዲፍና፡ እቲ ብስንፍናና ዘስዕብ ምትራፍ ግን ከነወግዶ ንኽእል ኢና።



ፈተና ብወለንታ እንተ ዘኸውን፡ ክንደይ ተመሃሮ ብወለንታኦም ፈተና ምተፈተኑ?

ፈተና፡ ነቲ ዝተማሃርናዮ ተረዲእናዮዶ ኣይተረዳኣናዮን ዝግምግም ኣገባብ መምዘኒ እዩ። ኣብ ፈተና ዝመጽእ ሕቶታት ኩሉ ግዜ ካብ ዝተማሃርናዮ’ዩ ዝመጽእ፣ እንተ መሊስናዮ ከኣ ተረዲኡና ማለት እዩ። ስለዚ፡ ዕማምና ስለ ዘወዳእና ናብ ካልእ ዕማም፡ ክፍሊ ወይ ደረጃ ንሰጋገር። እንተ ዘይመሊስናዮ ከኣ ዝተዋህበና ናይ ትምህርቲ ዕማም ስለ ዘይተረድኣና ንደግሞ ማለት እዩ። እቶም ናብ ካልእ ደረጃ ዝተሰጋገሩ፡ ነቲ ደረጃ “ሓሊፎም” ይብሃሉ። እቶም ዝደግሙ ከኣ ኣብታ ደረጃኦም ጸኒሖም ስለ ዘለዉ፡ ካብ ብጾቶም “ተሪፎም” ንብሎም። እዚ “ሓሊፎም” “ተሪፎም” ዝብሃል ቃላት ግን ኣብ ርእሲ ተመሃራይ እንታይ ዓይነት ርዝነት ሒዙ ይዓቢ ኩላትና ንፈልጦ ኢና። ናይ ሓደ ዓመት ትምህርትና ምስ ወዳእና፡ ንሕና እንብሎን ካልእ ሰብ ዝሓተና፡ “ሓሊፍካ/ኪ ዶ?” እዩ። ኣብ መንጎ ‘ሓሊፈ’ን ‘ኣይሓለፍኩን’ን ክንብል ከለና ዘሎ ናይ ስምዒት ፍልልያት ዝተጋነነ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ክኸውን ኣይግባእን እዩ። ብርግጽ ምሕላፍን ምትራፍን ፍልልይ ኣሎዎ፣ እንተኾነ ናይ ህይወትን ሞትን ሕቶ ኣይኮነን። እዚ ዝተጋነነ ስምዒት ፍርሕን ስክፍታን ከነወግድ እንተ ደሊና፡ ቀልል ዝበለ ትርጉም እንተ ሃብናዮ ዝሓሸ እዩ። ክንሓልፍ እንተ ደሊና ኣብቲ ኩሉ እንወሃቦ ትምህርቲ ዘሎና ንጡፍነት እምበር፡ ኣብ ፈተና ዝምርኩስ ዘይምዃኑ ክንርዳእ መሰረታዊ ይመስለኒ።

ምድላው ንፈተና ካብ መኣስ ክንጅምር ይግባእ?

ቅድመ ምድላዋት ንፈተና ካብ ቅድሚ ፈተና ክጅምር ይግባእ። ቅድሚ ፈተና ክንብል ከለና፡ ካብቲ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዛዚምና ናብ ትምህርቲ እንምለሰሉ ግዜ፡ ክሳዕ ቅንያት ፈተና የጠቓልል። ህይወት ተመሃራይ ልክዕ ከም ህይወት ሓረስታይ ክንርእዮ ንኽእል። ሓረስታይ ንኣዋርሕ ግራቱ ክምድምድንን ከሰብሕን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝሓርሰሉ፡ እኽሊ ዝዘርኣሉን ዝሓፍሰሉን ግዜ ኣዝዩ ውሱን ኣዋርሕ እዩ። ዝበዝሐ ግዜኡ፡ ካብቲ ፍረ ዝርእየሉ ግዜ ቀዲሙ፡ ንብርክት ዝበለ ኣዋርሕ ኣብ ምድላው የሕልፎ። ፍረኡ ከኣ ኣብቲ ቅድሚ ማሕረስ ዝጅምረሉ ግዜ ዘካይዶ ምድላዋት ይውሰን። ተመሃሮ ከኣ ብተመሳሳሊ፡ ንኣስታት ትሽዓተ ወርሒ ክመሃሩን ክጽንዑን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ፍረኦም ኣብ ፈተና ይርእዩዎ። ስለዚ፡ ናይ ፈተና ውጽኢት ዕዉት ክኸውን ድዩ ኣይኮነን ንምፍላጥ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ወርሒ ክሰራሕ ዝጸንሐ ንጥፈታት መጽናዕቲ፡ ምግምጋም የድሊ። ነቲ ኣብ ክፍሊ እንመሃሮን ኣብ ትርፊ ግዜና እነጽንዮን ብግቡእ ከነመሓድሮ እንተ ዘይጸኒሕና፡ ዘዕግብ ፍረ ክንረክብ ኣይንኽእልን። እኹል ቅድመ ምድላዋት ምግባር ኣብ ኢድና’ዩ፣ እንታይ ዓይነት ሕቶታት ኣብ ፈተና ይመጽእ ግን ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ እዩ። ቅድሚ ፈተና ልዑል ምድላው ምግባር፡ ነቲ ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ’ውን ከሕምቖ ይኽእል እዩ። ኣብ ፈተና ዝመጽእ ሕቶታት ንምምላስ፡ እቲ ኣብ ክፍሊ እንመሃሮ ትምህርቲ መሰረታዊ እዩ። ጽን ኢልካ ንመምህር ምስማዕ፡ ኖት ምውሳድ፡ ዕዮታት ብግቡእ ምስራሕ፡ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምኽባርን ዘይተረድኣና ምሕታትን ከነዘውትሮ ዝግብኣና ንጥፈታት እዩ። ብውልቅና ከኣ፡ ምስ መን ነጽንዕን እንታይ ተወሳኺ መወከሲታት ነንብብን ምንጻር የድልየና። ትምህርቲ ካብ ዝጅመር ኣትሒዞም ንፈተና ዝተዳለዉ ተመሃሮ፡ “ፈተና ከቢዱና” ክብሉ ብዙሕ ኣይስምዑን እዮም። ምናልባት “ፈተና ንኻልኦት ከቢድ ነይሩ” ክብሉ ይኽእሉ፣ ንኣኦም ግን ኣይከብዶምን እዩ።

ፈለማ ትምህርቲ ክጅምር እንከሎ እንገብር ምድላውን ፈተና ምስ ቀረበ እንገብሮ ምድላውን ዝተፈላለየ ክኸውን ግድን እዩ። ብተመሳሳሊ ስምዒትናን ኩነተ ኣእምሮናን ከኣ ይፈላለ። ትምህርቲ ክጅመር እንከሎ ብዛዕባ ፈተና ስለ ዘይንሓስብ ብዙሕ ጸቕጢ ኣይስምዓናን እዩ። ፈተና እናተቓረበ ክኸይድ እንከሎ ግን ስክፍታን ጸቕጥን ክስምዓና ይጅምር። ኣብ ቅነ ፈተና፡ ገለ ተመሃሮ ብፍላይ እቶም እኹል ቅድመ ምድላው ዘይገበሩ፡ ልዑል መጠን ፍርሕን ጸቕጥን ክስምዮም ይኽእል። ኣብ ቅንያት ፈተናን መዓልቲ ፈተናን ኩሉ ኣድህቦና ናብ ፈተና ስለ ዝብል፡ ከይተረድኣና ኣብቲ ካልእ ሸነኻት ህይወትና ኣብ ምድሃብ ንዝንግዕ ኢና። ብግቡእ ዘይምምጋብ፡ ዘይምዕራፍ፡ ኣካላውን ከባብያውን ጽሬት ዘይምሕላው፡ ልዑል ስምዒታት ፍርሕን ጸቕጥን ዘይምቊጽጻር፡ ወዘተ ኣብ ግዜ ፈተና ካብ ዝኽሰት ተርእዮታት እዩ። እዚ ተርእዮታት’ዚ፡ ብንኡስ ዓቐን ‘ንቡር እዩ’ ክንብል ንኽእል ኢና፣ እንተኾነ ኣብ ውጽኢትና ኣሉታዊ ጽልዋ ከስዕብ ስለ ዝኽእል ከነመሕድሮ የድሊ። ብዝተኻእለ መጠን ካብቲ ዝጸንሓና ናይ መጽናዕቲ መደባት ብዘተፈልየ፡ ኣብ ቅንያት ፈተና እንገብሮ ናይ ድግማ መደባት ምውጣን የድሊ። ኣብቲ ቅንያት ካብ ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕቲ ወጺእና፡ ናብ ድግማን ፍኹስ ዝበለ ኣገባብ ኣጸናንዓን ምስ እንሰጋገር ውጽኢታውያን ንኸውን።

መዓልቲ ፈተና፡ ዝያዳ እናቐረበ ክመጽእ ከሎ፡ ዝያዳ ጸቕጢ ክስምዓና ይኽእል እዩ። እዚ ተርእዮ’ዚ፡ እኹል ቅድመ ምድላው ዋላ ንግበር፡ ክኽሰት ይኽእል’ዩ። ስለዚ፡ ኣብ መዓልቲ ፈተና፡ ክንገብሮ ዘድልየና ቀዲምና መደብ ኣውጺእናሉ ክንጸንሕ ተመራጺ እዩ። ኣብ ግዜ ፈተና ኣእምሮና ብቐሊሉ ክሰረቕ ይኽእል እዩ። ሓንቲ እነጽንዓ ዝነበርና ሕቶ ክንዝክራ ምስ ዘይንኽእል፡ “እዋይ እንታይ ደኣ ኣብያትኒ፡” “ብዙሕ ሕቶታት ኣይመለስኩን፡” “ግዜ ኣኺሉ፡” “በቃ ኣኺሉኒ’ዩ፡ ክተርፍ’የ፡” “ወለደይ ደኣ እንታይ ክብሉኒ እዮም፡” ... እናበልና ቀልብና ከነጥፍእ ንኽእል ኢና። እዚ ተርእዮ’ዚ ምስቲ ዘሎና ጸቕጢ ተወሲኹ፡ ንኣእምሮና መሊሱ ክደፍኖን ግዜ ከባኽነልናን ይኽእል። ነዚ ንምውጋድ፡ ኣድህቦና ተሰሪቑ ድዩ ዘሎ ወይስ ኣብቲ ሕቶታት እዩ ተጸሚዱ ዘሎ ምፍታሽ የድሊ። ዓይሚቕና ምስትንፋስ፡ ካብ ኮፍ መበሊና ከይተሳእና ምንቅስቓስ፡ ማይ ምስታይ፡ ወዘተ ንምዝናይ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል። መልሱ ዘረሳዕናዮ ሕቶታት ምስ ዘጋጥም፡ ኣብ ክንዲ ኣብኡ ምጭናቕን ግዜ ምጥፋእን ደጊምና ክንርእዮ ዘዘክር ምልክት ብምግባር፡ ናብ ካልእ ሕቶ ምስጋር ይምረጽ። ኣብ ግዜ ፈተና ጸቕጥን ፍርሕን ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ከኣ ብኣጋኡ ንመምህርና ምሕባር የድሊ።

### ኣብ ቅነ ፈተና ክሕግዙ ነጥብታት

- ዘድልየና ናውቲ ፈተና (ካርድ ናይ ፈተና፡ ርሳስ፡ መደምሰስ፡ ቢሮ....) ምጥርናፍ። ሰዓት ናይ ኢድ ምስ ዝህሉወና ከኣ ሓጋዚ ይኸውን።

- ቅድሚ ንፈተና ምእታውና ዝገበር መጽናዕትን ምስ ሕቶታት ፈተና ዝተሓሓዝ ዕላላትን ምውጋድ።

- ኣብ ግዜና ኣብ መፈተኒ ቦታ ንረኸብ፣ ካብ ሰዓትና ኣዚና ቀልጢፍና ወይ ኣዚና ደንጊና ክንርከብ ኣይግባእን።

- ኣብ ኮፍ መበሊና ኮፍ ምስ በልና ኣዕሚቕና ብምስትንፋስ ኣእምሮና ነዝኒ።

- ናይ ፈተና ወረቐት ምስ ተዋሃብና፡ መጀመርታ መምርሒ ንስማዕን ነንብብን። ኣብ ፈተና ዝርአ ገለ ጌጋታት መምርሒ ብዘይ ምስማዕን ዘይምንባብን የጋጥም እዩ። ዘይተረድኣና ምስ ዝህሉ’ውን ብኣገባብ ንሕተት።

- ኩሉ ኣብ ናይ ፈተና ወረቐት ዘሎ ሕቶታት ምድህሳስ፣ እቲ ፈተና እንታይ ትሕዝቶ ኣለዎ፡ ኣየናይ ሕቶ ዝያዳ ነጥቢ ይሓትትን ክብደት ሕቶታትን ክንግምግም ይሕግዝ።

- ፈተናና ብቐሊል ወይ በቲ እንፈልጦ ሕቶታት ምጅማር ይምረጽ። ነቲ ብዙሕ ነጥቢ ዘለዎ ሕቶታት ከኣ ግዜ ከሎና ንስርሓዮ።

- ሕቶታት ረሲዕና ከይንነጥር፡ ዝገደፍናዮ ሕቶታት ደጊምና ምእንቲ ክንምለሶ ምልክት ንግበረሉ።

- ግዜና ብግቡእ ነመሓድር።

- ኣብ መንጎ ፈተና ዝኾነ ሓገዝ ምስ እንደሊ፡ ሓገዝ ብግቡእ ምሕታት፣ ዝኾነ ምስ ጥዕና ዝተሓሓዝ ጸገማት ምስ ዝስምዓና፡ ከይተሰከፍና ሓገዝ ምሕታት የድልየና።

- ምሉእ ኣድህቦና ናብቲ ሕቶታት እምበር ናብ ውጽኢት ዘይምግባር።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ፈርናንደዝ ካብ ዩናይትድ ክወጽእ መደብ የብሉን

ሓለቓ ማን.ዩናይትድ ብሩኖ ፈርናንደዝ ኣብዚ ወርሒ ኣብዚ ጥሪ ካብቲ ክለብ ክወጽእ መደብ የብሉን።

ድሕሪ ምእላይ ዓላሚ ዩናይትድ ሩበን ኣሞሪም፡ ፈርናንደዝ ኣብ ኦልድትራፎርድ መጻኢኡ ይሓስበሉ ከምዘሎ ዝሕብሩ ጸብጻባት ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ክጋውሑ ቀንዮም'ዮም።

ፈርናንደዝ ምስ ሓደ ካብ ተሓጋገዝቲ ኣሰልጠንቲ ኣሞሪም ዝኾነ ካርሎስ ፈርናንደዝ ድሕሪ ምብራር ኣሞሪም ብምርኻቡ፡ ፈርናንደዝ ካብቲ ክለብ መውጽኢ መንገዲ የናዲ ከይህሉ ዝብል ጉዳይ ህላውኑ፡ ንምውሓስ ኣብ ክራማት ናይዚ ዓመት ዳግመ ገምጋም ከካይድ'ዩ። ውዕሉ ክውድእ ሓደ ዓመት ጥራይ እዩ ተሪፍዎ።

ዝሓለፈ ክራማት ካብ ኣልሂላል ዝቐረበሉ ዓቢ ጠለብ እኳ እንተነጸገን ካብ ፕሮ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ቀጻሊ ጻውዒት ክለባት እኳ እንተዛየደ፡ እዚ ወዲ 31 ተጻዋታይ ካብ ዩናይትድ ምስ ዝወጽእ ኣብ ኤውሮጳ ክጸንሕ'ዩ ምንዮቱ።

እዚ ተጻዋታይ ስፖርቲን ነበር፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዩናይትድ ክትሸጦ ፍቓደኛ ምዃና ብምፍላጡ፡ ስምዒቱ ስግኣት ፈጢሩ።

ይኹን እምበር፡ እቲ ስግኣት ኣብ ቦትኡ እንከሎ፡ ዳረን ፍሌቸር ንክልተ ጸወታታት ግዝያዊ ኣሰልጣኒ ክኸውንን ማይክል ካሪክ ድማ ንዝተረፈ ዓመተ-ጸወታ ዋና ኣሰልጣኒ ኮይኑ ክሰርሕ እዩ። ፈርናንደስ ድማ ምስታ ክለብ ዘለዎ ዝምድና ብተወፋይነት ምኳኑ የረጋግጽ። ከምዝተተንከፈ ይግለጽ፡ ይኹንእምበር ኣሞሪም ፈርናንደዝ ምስታ ክለብ ክጸንሕ ይደሊ ብምንባሩ፡ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን ናይታ ክለብ ክኣገርዎ ትብዓት ከምዘሰኣኑ ይንገር።



ፈርናንደዝ ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ንዩናይትድ፡ ሓሙሽተ ሸቶታት ከመዝገብ ከሎ፡ ሸሞንተ ድማ ቀሪብ ገይሩ።

## መስርሕ ምስግጋር ተጻወቲ

መስርሕ ምስግጋር ተጻትቲ

- ኣትለቲኮ ማድሪድ ንተጻዋታይ ወልቭስ ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ጃኦ ጎመስ ዕላማ ገይራቶ ኣላ፡ እታ ስጳኛዊት ክለብ ብረቡዕ ንእንግሊዛዊ ኮነር ጋላገር ናብ ቶተንሃም ሸይጣቶ።
- ኤቨርተን ንኣጥቃዓይ ሞሮኮ ዩሱፍ ኢን-ነሲየሪ ንምዕዳግ ናብ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ ወግዓዊ ጨረታ ሰዲዳ። ብልቓሕ ንምዕዳግ ዘርርብ ይካየድ ኣሎ፡ 17 ሚልዮን ፓውንድ ድማ ቀሪባትሉ ኣላ። ኖቲንግሃም ፎረስት ንኢን-ነሲየሪ ንምውናን ኣብ ውድድር ትርከብ ኣላ። እንተኾነ ግን ስምዒት ፈነርባቸ ናብ ኤቨርተን ምግዓዝ ዘድግፍ ምዃኑ ተሓቢሩ።
- ኤቨርተን ንወዲ 33 ዓመት ኣጥቃዓይ ካሉም ዊልሰን ምስ ዌስትሃም ውዕሉ ከተናውሓሉ ድሌት ኣለዋ። ኤቨርተን ምስ ሸርደር ብሬመንን ኣያክስን ብምዃን ንጻማናይ ተኸላኻላይ ዩክሬን ዩኪም ኮኖፕልያ ኣድህቦ ይገብርሉ ኣለዉ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ ምስ ክለብ ሻኽታር ዶኔትስክ ዘለዎ ውዕል ኣብ ክራማት ክውዳእ'ዩ።
- ዌስትሃም ኣብዚ ሰሙን ምስ ወነንቲ ብርኪ'ታ ክለብ ውሽጣዊ ኣኼባ ብምኽያድ፡ ኑቲ ኣብ ሃገሩ ብራዚል ብክለብ ፍላሚንጎ ዝድለ ኣከፋፋሊ ሉካስ ፓኬታ፡ ንዝሓቶ ዋጋ ንምንካይ ክዘራረቡዩም።
- ብራዚላዊ ጺጋማይ ተኸላኻላይ ክለብ ሳንቶስ ሶዛ፡ ቶተንሃም ንምፍራሙ 13 ሚልዮን ፓውንድ ሰሊዓ ኣብ ስምምዕ በጺሓ'ላ። ኣብዘን መዓልታት ኣብ ቶተንሃም ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ትጽቢት ይግበር።
- ብሬንትፎርድ ንላዝዮን ኢጣልያን ኣጥቃዓይ ማቴዮ ካንቸሊየሪ ብ15.6 ሚልዮን ፓውንድ ክትዕድጎ ተቓሪባ'ላ።
- ክሪስታል ፓላስ ምስ ሊግ ሓደ ፈረንሳዊት ክለብ ኣንጀርስ፡ ብዛዕባ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ሲዲኪ ሸሪፍ ትዛራረብ ኣላ። ዛጊት ኣብ ውዕሉ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ይተርፎ።
- ሮማ ንወዲ 26 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣስቶንቪላ ዶንየል ማለን፡ ክልተ ሚልዮን ፓውንድ ናይ ልቓሕ ክትከፍሎ። ኣብዚ ውዕል እዚ ነዚ ሆላንድ ተጻዋታይ ብቐዋምነት ንምፍራም 25 ሚልዮን ፓውንድ ኣዳልያትሉ ትርከብ።
- ቦርንማውዝ ኣብዚ ዓመት ንእንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ ኣሌክስ ስኮት ንምንጥቃሉ፡ ቅልስ ምስ ዓበይቲ ክለባት ፕሪመርሊግ ከም ማን.ዩናይትድ፡ ማን.ሲቲ፡ ኣስቶንቪላን ኒውካስል ዩናይትድን ዝኣመሰላ ይጽበያ'ሎ።

## "ክጸንሕ ድሌት ኣለኒ! ግን ክጻወት እደሊ እየ" ሮበርትሰን

ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ኣንዲ ሮበርትሰን፡ ድሕሪ ክራማት ውዕሉ ምዝዛሙ ኣብ ሊቨርፑል ክጸንሕ ድሌት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ወዲ 31 ዓመት ሮበርትሰን ዋላ'ኳ ምስታ ክለብ እንተተዘራረበ፡ ክሳብ ሕጂ ዝተወሰነ ነገር ከምዘየለ ገሊጹ።

እዚ ስኮትላንዳዊ ተኸላኻላይ፡ ምስታ ክለብ ናይ ምጽናሕ ድሌቱ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "እወ፡ ግን ከቢድ ሕቶ'ዩ። ሓሙሽተ ኣዋርሕ ይተርፋ፡ እቲ ናይ ምጽናሕ ኣማራጺ ከመይ ከም ዝኸውን፡ ወይ'ውን ክኸደሉ ዝኽእል ኣማራጺታት እንተሃልዩን ኣብ ምክትታል ኣለኹ። ምስ ስድራይ ኮይነ ክውስን'የ። ተጻዋታይ ሊቨርፑል ንምዃን ጥራይ እየ ዝጽዕር ዘለኹ።

ኣብ 2017 ኣብ ዘመነ የርገን ክሎፕ፡ ካብ ሃል ሲቲ ብሸሞንተ ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሊቨርፑል ዝተሰጋገረ ሮበርትሰን፡ 362 ግዜ ወኪሉዋ፡ ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ግን ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ጥራይ ወሪዱ።

ወዲ 22 ዓመት ሃንጋርያዊ ሚሎስ ኬርከዝ ዝሓለፈ ክራማት ካብ ቦርንማውዝ ብ40 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ዝግዕዝ ንደሓር፡ ቀዳማይ ምርጫ ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ኮይኑ'ሎ።

ኣብ መንጎ ሕጂን መወዳእታ ናይዚ ዓመተ-ጸወታን ዝረኽቦ ናይ ጸወታ ግዜ ኣብ መጻኢኡ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል'ዶ ንዝብል ሕቶ ሮበርትሰን፡ "ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመትን ፈረቓን ከደሃብ እኽእል'የ። ክሎፕ ንሓደ ጸወታ ኣትሪፉኒ፡ ተቐጢዐ። ምኽንያቱ ክጻወት እደሊ'የ። ካብ ማስቦርቲ ተመለሰ'የ ተጻዊተ። ኣዝ ክለብን ንዝገረይን 50/40/30 ሚኢታዊት ጥራይ ብቑዕ ኣብ ዝበርክሉ እዋን ተወፍየለን። ይኹን እምበር ተስፋይ ዝቖረጸ ይመስል። ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ኣብዛ ክለብ ዝተፈልየ ተራ ነይሩኒ፡ ባህ ይብለኒ። እንተኾነ ዝኾነ ተጻዋታይ ኣብ ተቐያሪ መንበር ኮፍ ክብል ዝሕጎስ እንተኾይኑ፡ ምስ ዝኾነት ክለብ ክጻወት የብሉን" ኢሉ።



## ኤቶ ኣብ ኣፍኮን ብዝፈጸሞ በደል እገዳን መቕጻዕትን ተበይኑሉ

ኮኾብ ተጻዋታይ ካሜሩን ነበር ሳሙኤል ኤቶ፡ ብኮንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) ዲሲፕሊናዊ ሕጊ ዝበኸ ኮይኑ ድሕሪ ምጅናሕ፡ ንኣርባዕተ ጸወታታት ክእገድን 20 ሽሕ ዶላር (14,960 ፓውንድ) ክቕጻዕን ተበይኑሉ።

መግለጺ ካፍ ከም ዝሕብሮ፡ ሕጂ ፕረዚደንት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ሃገሩ (ፈካፋት) ዝኾነ ኤቶ፡ ኣብ 2026 ኣብ መንጎ ካሜሩንን ሞሮኮን ኣብ ዝተኻየደ ርብዒ-ፍጻመ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ መትከላት ስፖርታዊ ብቕዓት እዩ ጥሒሱ።

እዚ ኣጥቃዓይ ባርሴሎናን ኢንተር ሚላንን ነበር፡ ሃገራዊት ጋንታ ካሜሩን ኢንዶሚታብል ላዮንስ ብኣኣንጋዲት ውድድር 2-0 ኣብ ዝተሳዕረትሉ፡ ብገድሉት ደሰፕሊን ከምዝተኸሰ ተሓቢሩ።

ኣብ ስታድዩም ከተማ ራባት፡ ዝተረኽበ ሓላፊ ካፍ ፓትሪስ ሞትሰፐ፡ ምዕግርጋር ኤቶ ብቐጥታ ተዓዚቡዎ'ዩ።

ኣመሓዳሪ ኣካል ናይዚ ጸወታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ጸወታታት 'ወሰታ ዝተሓወሶ ባእሲን ዘይስነምግባራዊ ባህርያት ተጻወትትን ኣሰልጠንትን' ክምርምር ምዃኑ ኣፍሊጡ'ሎ።

ከም ግብረመልሲ ናይዚ፡ ፈካፋት ንውሳኔ ካፍ ከጺግዎ'ሎ።

ብድሕሪዚ ፈካፋት ኣብ ዝዘኦ መግለጺ ብዘይግቡእ ኣካይዳን ድኹም ኣተሓሕዛን ክስታት ክስታት ክዘንቦ ዝጸንሐ ኤቶ፡ ገለ መዳርግቲ ኣካላት ኩዕሶ እግሪ'ውን ኣብ ውሽጢ ፈካፋት ከቢድ ዘይስሩዕነት ከምዝሎ የማርሩ።



ንፕረዚደንቱ ደገፉ ብምግላጽ፡ ኤቶ ኣንጻር እቲ እገዳ ይግባይ ክብል ሓሳብ ኣቕሪቡ።

ኣብ 2021 መራሕነት ካብ ዝሓዘ ጀሚሩ፡ ከም ብርቂ ዝርኣይ ዝነበረ ሚዛኑ ክወርድ ከምዝጀመረ እዩ ዝግለጽ።

ኤቶ ብዙሕ ግዜ ንኸምዝኦም ዝዓይነቶም ክስታት ብምንጻግ፡ ንዝረኸቦም ዓወታት ኣብ ምግላጻስ ተጸሚዱ ይርአ።

## ፈርናንደዝ ድሕሪ ማሬስካ ካብ ቸልሲ ይወጽእ'ዶ?

ኤንዞ ፈርናንደዝ ድሕሪ ምውጻእ ዓላሚ ቸልሲ ኤንዞ ማሬስካ፡ መጻኢኡ ኣብ ግምት ከእትዎ ከምዝግደድ ሓቢሩ።

ቸልሲ ብሊያም ሮዘንዮር ትእለየሉ ኣብ ዘላትሉ፡ ተዓዋቲ ዋንጫ ዓለም ዝኾነ ፈርናንደዝ፡ ካብ ምዕራብ ለንደን ክንሳሕብ'ዩ። ፓሪስ ሴንት ጀርመን ድማ ሓንቲ ካብተን ዝጠመተኦ ኮይና ትርከብ።

ጸብጻባት ፈረንሳ ከምዝሕብርዎ፡ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ፈርናንደዝ 'ኣማራጺታቱ ይመዝን ኣሎ' ክብላ ገሊጸን።

እዚ ኣብ 2025 ዋንጫታት ኮንፈረንስ ሊግን ዋንጫ ዓለም ክለባት ፊፋን ከቕርብ ዝኸኣለ ተጻዋታይ፡ ቸልሲ ምስ ማሬስካ ድሕሪ ምፍልላያ ናበይ ኣንፈት ትኸይድ ከምዘላ ኣብ ምዕዛብ ይርከብ።

ሮዘንዮር ኣብ መራሕነት ፕሪመር ሊግ ክለባት ዘይተፈተነ ዓላሚ ኮይኑ፡ ኣብ ሜዳታት እንግሊዝ ብቕዓቱ ከመስክር ክግደድ'ዩ። ፈርናንደዝ ናብ ካልእ ምስ ዝግዕዝ ዕላማታቱ ክሰናኸል ተኽእሎ'ሎ።



እዚ ኣከፋፋሊ፡ ኣብ 2023 ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝለዓለ ክብረወሰን ዝሓዘ መጠን መስርሕ ምስግጋር ብ107 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ቸልሲ ተጸንቢሩ። ሳሕቲ ኣብ ሜዳ ስታምፎርድ ብሪጅ እናተቐልቐለ ዝፈለመ ፈርናንደዝ፡ ምስ ግዜ ኣብ ሜዳ ክመርሕ ተራእዩ'ዩ።

ፈርናንደዝ ምስ ኣሰልጣኒኡ ነበር ማሬስካ ውሁድ ናይ ስራሕ ዝምድና ብምስትምቓሩ፡ ንሓድሽ ጅማሮ ድልው ይመስል - ዋላ'ኳ ብምስጓግ ማሬስካ ሕጉስ ኣይኹን።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ "ሓለቓይ ኣብዚ መድረኽ ብዘተመኮርዮ፡ ተገንዚበ ብልቢ የመስግነካ፡ ብዙሕ ምሂርካኒ፡ ንነፍሲ ወከፍ ምኽርን ተመኩሮን ድማ ኣኽብሮት ኣለኒ። ንዓኻን ንብጾትካን ዊሊ፡ ዳኒ፡ ሮቢ፡ ማርኮስን ሚኪን ጽቡቕ ትምኒት እምነየልኩም። ፈጺመ ዘይርስዖ ክልተ ዋንጫታት ብሓባር ተዓዊትና ኢና። ዓወት ንዓኻ ይምነየልካ" ኢሉ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ዘለንስኪ ዕንቅፋት ሰላም ይኸውን ምህላዉ ወቒሱ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ምስ ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ ኲናት ዩክሬን-ሩስያ ብስምምዕ ሰላም ቀልጢፉ ከይዛዘም፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ቀንዲ ዕንቅፋት ይኸውን ከም ዘሎ ወቒሱ።





ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ሞንጎ ሃገሩን ዩክሬንን ዝካየድ ዘሎ ኲናት ብሰላማዊ መንገዲ ደው ንምባል ስምምዕ ሰላም ክኽተም ድሉው ምህላዉ ድሕሪ ምግላጹ፡ ዩክሬናዊ መዘናኡ ግን ንስምምዕ ሰላም ቅሩብ ከም ዘይኮነ ኣነጺሩ።

ፕረዚደንት ፑቲን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ፌደረሽን ሩስያ፡ ሞስኮ ኑቲ ምስ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ደማዊ ኲናት ብዲፕሎማስያዊ ኣገባብ ክትዛዘሞ ድሌታ ምዃኑ፡ ዘቕረብዎም ቅድመ ኩነታት ምስ ዘይማልኡ ግን ሓይሊ ተጠቒማ ሰላም ንኸተንግስ ድሕር ከም ዘይትብል እዮም ብተደጋጋሚ ዘጠንቀቑ ዘለዉ።

ዩክሬንን መሻርኽታ ዝኾና ሃገራት ምዕራብን፡ ኑቲ ኣመሪካ ዝተሃንደፈ 28 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም ዩክሬን-ሩስያ፡ ንፌደረሽን ሩስያ ጥራሕ ዘርብሕ ምዃኑ ብምግላጽ ናብ 20 ነጥብታት ከም ዘጉደልኦ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

## ጃፓንን ፊሊፒንስን ወተሃደራዊ ስምምዕ ኸቲመን

ትማሊ ሓሙስ፡ ፊሊፒንስን ጃፓንን፡ ዝዛባዊ ጽልዋ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ንምምካት ዝዓለመ ክልተ ናይ ምክልኻል ስምምዓት ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን ቶሺሚትሱ ሞቴጊን ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ፊሊፒንስ ተረዛ ላዛሮን ኣብ ማኒላ - ፍሊፒንስ ዝተኸተመ ስምምዕ፡ ክልተኦን ሃገራት ኣብ ዘካይዳኦ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ተተኰስቲ ኣጽዋራት፡ ነዳዲ፡ መግብን ካልኦት ኣገደስቲ ቀረባትን ብዘይ ቀረጽ ንምቕራብ ዘኽእል እዩ።

እቶም ሰበ ስልጣን ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ማኒላ ዓቕሚ ሓይሊ ባሕራ ንምድልዳል፡ ካብ ቶክዮ ናይ 6 ሚልዮን ዶላር ወግዓዊ ሓገዝ ከም ዝተበርከተላ ሓቢሮም።



ኣብ መፋርቕ 2024፡ ክልተኤን ሃገራት፡ ሰራዊተን ሰፊሕ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ንምክያድ ዘኽእል ስምምዕ ክኽትማ እንከለዋ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ መስከረም ናይታ ዓመት እቲኣ ተግባራዊ ከም ዝኾነ ይሕበር።

## ጠፈርተኛታት ኣብ ዘይግዚኦም ካብ ህዋ ናብ መሬት ተመሊሶም

ኣርባዕተ ጠፈርተኛታት፡ ኑቲ ኣብ ኣህጉራዊ መደበር ጠፈር ተመዲቦሎም ዝነበረ ግዜ ከይዛዘሙ ናብ መሬት ከም ዝተመልሱ ተሓቢሩ።

ትካል ጠፈር ኣመሪካ (ናሳ)፡ እቶም ኣብ ህዋ ንተወሳኺ ሓደ ወርሒ ክጸንሑ ተመዲቦሎም ዝነበረ ኣርባዕተ ጠፈርተኛታት፡ ሓደ ካብ ኣባሎም ብምሕማሙ፡ ሃንደበት ናብ መሬት ክምለሱ ከም እተገደዱ ገሊጹ።



እቲ ኣህጉራዊ መደበር ጠፈር ኣብ 1998 ስርሑ ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ጠፈርተኛታት ብጉዳይ ጥዕና ኣመኽንዮም ሕጂ ንመጀመርያ እዋን እዮም ቅድሚ ግዜኦም ናብ መሬት ዝምለሱ ዘለዉ።

እቶም ጉጅለ-11 ዝተሰምዩ ኣብ ደሓን ኩነታት ጥዕና ዝርከቡ ጠፈርተኛታት፡ ዝሓለፈ 1 ነሓሰ ናብቲ ኣህጉራዊ መደበር ጠፈር ምስ ተወሰኹ ሰለስተ ጠፈርተኛታት ዝተላእኩ ኮይኖም፡ ኑቲ ልሙድ ናይ ሽዱሽተ ወርሒን ፈረቓን ግዜኦም ዛዚሞም ዝመጽእ ለካቲት ክምለሱ መደብ ተታሒዙሎም ከም ዝነበረ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣህጉራዊ መደበር ጠፈር፡ ካብ መሬት ኣብ 402 ኪሎሜትር ብራኸ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ ሰዓት 28,163 ኪሎሜትር ይሕንብብ።

እቲ ብሓሙሽተ ትካላት ጠፈር ዝመሓደር መደበር፡ ስሕበት ዘይብሎም ቦታታት ኣብ ሱቡ፡ እንስሳታትን ኣታኽልትን ዘለዎም ጽልዋ ንምጽናዕ ዓሊሙ ስነ ፍልጠታዊ መጽናዕትታት ከም ዘካየደሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ክኢላታት ዳህሳስ ጠፈር፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ናብቲ ኣህጉራዊ መደበር ክለኣኹ ኣድላዪ ምዃኑ እዮም ብተደጋጋሚ ዘተሓሳስቡ።

## ቱርኪ፡ ናብ ኢስቶንያን ሮማንያን ነፈርቲ ውግእ ከተዋፍር ወጢና



ቱርኪ፡ ከም ኣካል ተልእኾ ምውሓስ ጸጥታ ክሊ ኣየር ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ናብ ኢስቶንያን ሮማንያን ነፈርቲ ውግእ ከተዋፍር መደብ ከም ዘለዋ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዘውጸኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ቱርኪ ካብ ዝመጽእ ነሓሰ ክሳብ ሕዳር ኣብ ዘሎ እዋን ናብ ኢስቶንያ ነፈርቲ ውግእ ከተዋፍር መደብ ክህልዋ እንከሎ፡ ብድሕሪኡ ድማ ካብ ታሕሳስ ክሳብ መጋቢት 2027 ናብ ሮማንያ ነፈርቲ ውግእ ክትልእኽ ወጢና ከም ዘላ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ቱርኪ ክሊ ኣየር ኣባላት ሃገራት ኔቶ ንምሕላው ዝዓለመ ብርክት ዝበለ ናይ ድሕነት ስርሒታት ከም ዘካየደት ኣረዲኡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ቱርኪ፡ ካብ ሓምለ ክሳብ መስከረም 2021 ኣብ ፖላንድ፡ ካብ ሕዳር 2023 ክሳብ ሚያዝያ 2024 ከኣ ኣብ ሮማንያ ሓለዋ ክሊ ኣየር ኣካይዳ ነይራ።

ሰበ ስልጣን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ፡ ፌደረሽን ሩስያ ኣብ ክሊ ኣየር ኣባል ሃገራት ተደጋጋሚ ጥሕሰታት ተካይድ ከም ዘላ ድሕሪ ምኽሳሶ፡ ዓቕሚ ምክልኻል ክሊ ኣየር እቲ ኪዳን ንምሕያል ጻዕርታት የካይዱ ከም ዘለዉ ገሊጾም።

ዝመጽእ ሓምለ፡ ዓመታዊ ዋዕላ ኔቶ ኣብ ቱርኪ ክካየድ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

## መራሕቲ ኣመሪካን ቨነዝዌላን ዝርርብ ኣካይዶም

ግዝያዊት ፕረዚደንት ቨነዙዌላ ደልሲ ሮድሪገዝ፡ እወታዊ ዝበለቶ ናይ ቴለፎን ዝርርብ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ከም ዘካየደት ሓቢራ።

ምክትል ፕረዚደንት ቨነዝዌላ ነበር ኒኮላስ ማዱሮ ዝነበረት ሮድሪገዝ፡ ኣብ ርብዒ ክልተኤን ሃገራት ኣብ ዘተኮረ ዛዕባ ኣመልኪታ ምስ ፕረዚደንት ትራምፕ ምሕዝነታዊ ዝርርብ ከም ዘካየደት ኣረዲኣ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ብወገኑ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ ክልተኦም መራሕቲ ሃገራት ብዛዕባ ነዳዲ፡ ማዕድናት፡ ንግድን ሃገራዊ ድሕነትን ኣመልኪቶም ከም ዝተዘራረቡ ኣነጺሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ድሒሩ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ምስ ቨነዝዌላ ዘለዋ ዝምድና ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ድሕሪ ምግላጹ፡ ንግዜያዊት ፕረዚደንት ደልሲ ሮድሪገዝ 'ኣደናቒት ሰብ' ክብል ንኢዱዋ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ -ኣውሊዕ | 16/01/2026 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565